
# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 36 ዓመት ቁ.2 | ረቡዕ 2 መስከረም 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ካብ ናቕፋ ናብ ዓለም፡ ስትራተጇያዊ ኮምፓስ...



ገጽ 4
ካብ ህይወታዊ ባሕሪ ናብ መድሃኒት ሕክምና



ገጽ 8
“ክንድ’ቲ ክንገብሮ ዝግብኣና ብዘይ ምግባርና ንስከፍ”...



ገጽ 9
ጸፊት ስራሕ



ገጽ 11
ሻምፕዮን ክለባት ናብ መዛዘሚ በጺሑ




## ብምኽንያት ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም፡ ኣብ ኣስመራን ዓሰብን ባህላዊ ምርኢት ቀረቡ



ስእሊ. ክብሮም ጸሃየ




ስእሊ- ህብሮም ጸሃየ

ብምኽንያት ባሕቲ መስከረም - መበል 65 ዓመት ዝኽሪ ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብ 31 ነሓሰ ኣብ ሰዓታት ምሸት ኣብ ኣዳራሽ ሲነማ ሮማ ባህላዊ ምርኢት ቀረበ።

እቲ ብምውህሃድ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሸማግለ በዓላትን ዝተወደበ ምርኢት፡ ንርክበት ትርጉም ናይ’ታ ዕለት፣ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱን ክብረቱን ዝኸፈሎ ዋጋን ዘረጋግጹ ዓወታቱን፣ ከምኡ’ውን ንሓድነትን ስኒትን ህዝቢ ኤርትራ ዝገልጹ፡ ብትሽዓተ ቋንቋታት ብዘሪራትና ዝተዳለወ ጣዕመ-ዜማታት፡ ድራማን መዛሙርን ዘጠቓለለ ትሕዝቶ’ዩ ነይሩ።

እቲ ንልዕሊ ሰዓትን ፈረቓን ዝቐረበ ምርኢት፡ ብጉጅለታት ትልሂት ኣድማሳዊ ስነትን ዝተሰነየ’ዩ ነይሩ።

ኣብ ዓሰብ’ውን ኣመሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ዝርከቦም ላዕለዎት ሰብ መዚ ዝተረኸብሉ ጽንብል፡ ንትርጉም ናይ’ታ ዕለትን ስለ ናጽነት ዝተኸፍለ ኩሉመዳያዊ መስዋእትን ዘንጸባርቕ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ቀረበ።

ነታ ታሪኻዊት ዕለት ብዝምልከት ኣብ ዝቐረበ ቃል፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ 1961 ብረታዊ ቃልሲ ክጅምር ከሎ፡ ሕልሚ ዝምስል ተባዕ ውሳነ ክወስድ ከሎ፡ ብዘሒን ሓይልን ስለዘዘበሮ ዘይኮነ፡ ኣብ ፍትሓውነት ጉዳዩን ክብረታቱን ተኣማሚኑ ከምዝኸፈሎን ናብ ዓወት ከምዝበጽሖን ተገሊጹ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣብ ቺካጎን ከባቢኣን - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ መበል 65 ዓመት ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ብልዑል መንፈስ ጸንቢሎሞ።

ብ29 ነሓሰ ኣብ ዝተገብረ ስነስርዓት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ዜጋታት፡ ንኤርትራዊ ክብረታት ዘንጸባርቕ መሰናድኦታት ከምዝቐረቡ፡ ካብ’ቲ ቦታ ዝጸሓፍና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

እቲ ጽንብል፡ ቡቶም ኣብ ስደት ተወሊዶም ዝዓበዩ መንእሰያት ምምርሑ፡ ንትርጉም ናይ’ቲ ዝኽሪ መለሱ ከምዝኸሉዩ ዝገለጹ ተሳተፍቲ፡ ሃገራዊ በዓላትና ባይታ ምውርራስ ታሪኽናን መንነትናን ምሕያል መንፈስ ቃልስናን ኮይኑ ይቕጽል ከምዘሎ ኣረጋጊጾም።

## ኣብ ን/ዞባ ኣስማጥ፡ ዝናብ ኣብ ሰብን ንብረትን ጉድኣት ኣውሪዱ



ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ብ28ን 29ን ነሓሰ ዝወቕዐ ህቦብላ ዝተሓወሶ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ሰብን ንብረትን ጉድኣት ኣውሪዱ።

ብ28 ነሓሰ ኣብ ሰዓታት ድሕሪቐትሪ ኣብ ሓውሲ ከተማ ኣስኩዳ ብዘዘረመ ዝናብ፡ 11 መንበሪ ኣባይቲ ከምኡ’ውን ሓደ መስገድ ክፈርስ ከሎ፡ ኣብ ሓደ ሰብ ኣካላዊ ጉድኣት ከምዝወረደን ብርክት ዝበለ ኣግራብ ከምዝወደቓን ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ብተመሳሳሊ ብ29 ነሓሰ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኦሮታ ሓደ መንእሰይ ብበርቂ ክመውት ከሎ ሓንቲ ገዛ ከምእተቓጸለት፡ ኣመሓዳሪ ናይ’ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ኢብራሂም መሓመድ-ዓሊ ገሊጹ።

ሓላፊ መርመራ ገበን ነቑጣ ፖሊስ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ማሕሙድ ዓብደላ፡ ዘሎናዮ እዋን ወቕቲ ክረምቲ ብምዃኑ፡ ህዝቢ ልዑል ጥንቃቐ ክገብር ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መጀመርያ ዝሓለፈ ወርሒ ነሓሰ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኦሮታ፡ ክልተ ሰባት ብበርቂ ምማቶም ዝዝከር’ዩ።

ዜና

# ከረን - ሓደጋታት ንምጉዳል ሕግታት ትራፊክ ክኽበር መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ሓደጋታት ትራፊክን ሳዕቤናቱን ንምጉዳል፡ ሕግታት ትራፊክ ብጥብቂ ክኽበርን ጥሕሰት ሕግታት ትራፊክ ክየጋጥም ክጥንቀቑን ሓላፊ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ዓንሰባ ሜጀር ንርኣዮ ጸጋይ ኣዘኻኺሩ።

ብ28 ነሓሰ ምስ መራሕቲ መካይን፡ ወነንቲ ጋራጃትን ወነንቲ ትካላት ትምህርቲ ምምራሕ መኪናን ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ሜጀር ንርኣዮ፡ ሓደጋታት ንምንካይ ደረጃ ንቕሓት ምብራኽ ወሳኒ ምዃኑ ብምሕባር፡ መራሕቲ መካይንን ወነንቲ ጋራጃትን ሓላፍነታውያን ክኾኑ ተላቢዩ።

ዝበዝሐ ሓደጋታት ብሰንኪ ሸለልትነት ከምዝጋጥም ብምጥቃስ ድማ፡ ዘወርድ ሞትን ስንክልናን ዕንወት ንብረትን ሳዕቤኑ ንሃገር ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ሓደጋታት ንምግታእ ምስ ፖሊስ ትራፊክ ብውህደት ምስራሕ ከምዘድሊ ኣስሚሩሉ።

ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ናይ'ዚ ዓመት፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ 168 ሓደጋታት ከምዘጋጠሙ፡ ብሰንኩ ድማ 7 ሰባት ክሞቱ ከለው፡ 134 ሰባት ኣካላዊ ጉድኣት ከምዝወረዶም፡ ልዕሊ 2 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ክሳራ ድማ ኣብ ንብረት ከምዝበጽሐ ሜጀር ንርኣዮ ወሲኹ ሓቢሩ።





ሓላፊ ብዓል-መዚ መጎዓዝያ ምድሪ ኣቶ ተኸስተ ሃብተሚካኤል ብወገኑ፡ ኣቓዲሙ ካብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ብዝመጹ ክኢላታት ኣብ ውሱን ግዜ ክግበር ዝጸንሐ መርመራ ተሽከርከርቲ (ቦሎክላውዶ)፡ ኣብ'ቲ ዞባ ብዝርከቡ ክኢላታት ተተኪኡ ብምህላዉ ንስለጥነት ኣገዳሲ ሓጋዚ ኮይኑ ከምዘሎ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ታቤላታት ምልክታት ትራፊክ ክሕደሱ፡ ሕጊ ዝጥሕሱ ወነንቲ ብሽክሌታታት ኣራሚ መቕጻዕቲ ክበየነሎም፡ ዘይፍቑድ መብራህቲ ኣብ መካይን ንሓደጋ ስለዘቃልዕ ስጉምቲ ክውሰድ፡ ከምኡ'ውን ሰለስተ እግረን ብሽክሌታታት ዝጽዕንኦ ንብረት ምስ ጽርግያን ትራፊክን ዝሰማማዕ ክኸውን ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ዓንሰባ ኮሎኔል ልብሱ ተስፋሚካኤል ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ምግታእ ሓደጋታት ትራፊክ ንፖሊስ ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ስለዘይኮነ፡ ተናቢብካ ምስራሕ ከምዘድሊ ኣገንዚቡ።

# ባህላዊ ውርሻታት ናብ ወለዶታት ንኽመሓላለፍ ብዕቱብ ክስራሕ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ



ሓደጋ ምጽናት ኣንጸላልይዎ ዘሎ ባህላዊ ውርሻታትን ያታዊ መሳርዕን ሕብረተሰብና ብግቡእ ተበርቢሩ ናብ ወለዶታት ንኽመሓላለፍ ተራ ኩሎም ክዓዝዝ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ እድሪስ ሳልሕ፡ ካብ 21 ክሳብ 24 ነሓሰ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ባረንቱ፡ ጎጎን ሞጎሎን ኣብ ዘተወደበ ኣስተምህሮ ኣተሓሳሰበ።

እቲ ክፍሊ ምስ ክኢላታት ናይ'ቲ ዓውዲ ብምትሕብባር ቀዳምነት ሂቡ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ሕብረተሰብ ኣፍልጦኡ ብምብራኽ ኣብ ምዕቃብን ምስናድን ብንቕሓት ክዋሳእ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ካብ ጨንፈር መጽናዕትን ምርምርን ረቂቕ ባህላዊ ወርሻ ኣቶ ኣደም ኣብሹሽ ብወገኑ፡ ኣብ ኣገዳስነት ያታዊ ፈስቲቫል፡ ከምኡ'ውን ዕላማታቱን ብድሆታቱን ኣብ ብሄራት ናራን ኩናማን ኣተኪሩ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

ኣመሓደርቲ ናይ'ተን ንኡሳን ዞባታት ብወገኖም፡ ሃይማኖታውን ባህላውን ውርሻታትን ያታዊ ፈስቲቫላትን ብግቡእ ተጸኒዑን ተሰኒዱን ናብ ወለዶታት ንኽመሓለፍ ግዴታኦም ምዃኑ ተረዲኦም ኣበርክቶኦም ከምዝገብሩ ኣረጋጊጾም።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ብሰንኪ ሸለልትነትን ምትእትታው ዘመናዊ መሳርሒታትን ባህላዊ መልክዑ እናሃሰሰ ዝመጽእ ዘሎ ውርሻታት ንምብርባር ኣብ ዝቐርብ ጻዕሪ ተራኦም ክጻወቱ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

# ሞልቀ - ኣብ ንጥፈታት ምርባሕ ንህቢ ዕብየት ተመዝጊቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ምስ ምውሳኽ ቀጽሪ ኣርባሕቲ ንህቢ፡ ኣብ ምህርቲ መዓር ዕብየት ከምዝተመዝገበ ክኢላታት ሕርሻን ኣርባሕትን ገሊጾም።

ክኢላ ምርባሕ ንህቢ መንእሰይ ኣብርሃም ከርስ፡ እቲ ንኡስ ዞባ ዓመት ምልእ ብዝሰንበበ መበቆላዊ ኣግራብ ሃብታም፡ ክሊማኡ ድማ ንምርባሕ ንህቢ ምቹእ ብምዃኑ፡ ቀጽሪ ናይ'ቶም ኣብ ምርባሕ ንህቢ ዝጥየፉ ሓረስቶትን ሳንዱቕ ኣርባሕትን እናወሰኸ ይመጽእ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ እዚ ኣብ ቀረብ መዓር ኣብ ዕዳጋታት ኣበርክቶ ከምዝገበረ ኣረዲኡ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ 41 ደቀንስትዮ ዝርከባኦም 345 ሓረስቶት ኣብ ዘመናዊ፡ ያታውን ጋብላውን ቆፎታት 556 ዕስለታት ንህቢ ብምርባሕ ቀረብ መዓር ንምውሓስ ኣስተዋጽኦ ይገብሩ ከምዘለው፡ ከምኡ'ውን ልዕሊ 2020 ዕስለታት ንህቢ ዝውንኑ ሳንዱቕ ኣርባሕቲ ንህቢ ተመሳሳሊ ኣበርክቶ ከምዘለዎም ብምሕባር፡ ሎሚ ዓመት ብጠቕላላ 86 ኩንታል መዓር ከምእተሓፍሰ ገሊጹ።

ኣርባሕቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እኹል ዘመናዊ ቆፎታት ምስ ዝቐረበሎምን ሓጋዚ ሞያዊ ምኽሪ ምስ ዝረኽቡን፡ ንጥፈታቶም ብምምዕባል ምህርቶም ንምስሳን ዘሎም ድልውነት ኣረጋጊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ ኣቶ መልኣከ ወልደሚካኤል፡ ካብ 2018 ጀሚሩ እናወሰኸ ዝመጸ ቁጽሪ ሳንዱቕ ኣርባሕቲ ንህቢ፡ ኣብ ሓረስቶት ናይ'ቲ ከባቢ እወታዊ ጽልዋ ከምዝፈጠረ ብምጥቃስ፡ ምርባሕ ንህቢ ኣብ ምርግጋጽ ውሑስን መኣዝንን መግቢ ንኸሉ ኣብ ኩሉ ተራ ስለዘለዎ፡ ንምድንፋዑ ብዝለዓለ ክስራሕ ጸዊዑ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣደም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቊ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


# ድባርዋ - ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ፡ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ ሓረስቶት ሓቢሮም

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ብመገዲ ኣብቁታውያን ሓረስቶት ዝባዛሕ ዘሎ ኣብ ማእከል ምርምር ሕርሻ ሓልሓለ ዝፈረየ "ኢለክትራ" ዝተባህለ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ፡ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝበጽሐ ተገሊጹ።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ብዓል-ሞያ ኣሕምልትን ፍረታትን ኣቶ መድሃኔ ዑቕባይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ 'ኢለክትራ' ምእኩት ምህርቲ ዝህብ ከምኡ'ውን ንባልዓትን ሕማማትን ልዑል ተጻዋርነት ዘለዎን ብምዃኑ ብሓረስቶት ጽቡቕ ተቐባልነት ከምዝረኸበ ብምጥቃስ፡ ኣብ ወርሒ ሰነ ንትሸዓተ ኣብቁታውያን ሓረስቶት ዝተዓደለ 160 ኩንታል ምሩጽ ዘርኢ፡ ኣብ 5 ሄክታር ለሚዑ ከምዘሎ ኣብሪሁ።



ኣብቁታውያን ሓረስቶት ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ጽቡቕ ፍረን ዋጋን ክረኽቡሉ ምጽንሖም ብምሕባር፡ ብዝተዋህቦም ኣስተምህሮን ስልጠናን ካብ'ቲ ዝሓለፈ ንላዕሊ ምህርቲ ክረኽቡሉ ዘለዎም ተስፋ ገሊጾም።

# ርእይቶ

# ካብ ናቕፋ ናብ ዓለም፡ ስትራተጅያዊ ኮምፓስ ልኡላውነትን ሰላምን

ሳሙኤል ገብረብርሃን

ታሪኽ ሓንቲ ሃገር ብመጠኑ ስፍሓት መሬታ ወይ ብብዝሒ ህዝባ ጥራይ ኣይኮነን ዝዕቀን። ብጽንዓት መትከላታ፡ ብዕምቈት ስትራተጅያዊ ራእያ፡ ከምኡ'ውን ምስ ከባቢኣን ዓለምን ብእትፈጥሮ ቅዱስን ፍትሓውን መትከል ኣቢሉ'ውን ይግምገም እዩ።


እቲ ቅድሚ ሰለስተ ዕቝድ፡ ኣብ ለካቲት 1994 ኣብ ከተማ ናቕፋ ዝተኻየደ ታሪኻዊ ሳልሳይ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሒን ኣብቲ ጉባኤ ዝጸደቐ ቻርተር፡ ናይ ሓንቲ ብደምን መሪር መስዋእትን ልኡላውነታ ዘረጋገጸት ሓዳስ ኤርትራ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን መጻኢን ቅርጺን ዘሰፈረ ሰነድ እዩ። ኣብቲ ሰነድ ብፍሉይ ዝተሰረተን ሎሚ'ውን እንተኾነ ኣብዚ ዝተሓላለኸ ዓለማዊ መድረኽ ህያው ኮይኑ ዝድምጽን ሓደ ዓቢ ዓንዲ እንተሃልዩ፡ እቲ ኣብ ትሕቲ "ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር" ዝብል ኣርእስቲ ዝሰፈረ ፍልስፍናዊ ድንጋገ እዩ። እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ እቲ ሰነድ ሰፊሩ ዘሎ ጂኦ-ፖለቲካዊ ስርዓት፡ ናይ ርእሰ-ምርኮሳ መንፈስን ናይ ዞባዊ ውህደት ሕቡእ መልእኽትን ብምፍታሽ፡ ንመጻኢ መጻኢ ቀርኒ ኣፍሪቃን ኣህጉራዊ መድረኽን ዝኸውን ብሩህ መስትያት የቕርብ።

## ማዕርነት ኣብ ኢ-ፍትሓዊ ዓለም

እቲ ኣብ 1994 ዝተኣደረ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ራእይ፡ ካብ ሓደ ዘይነቓነቕ መሰረታዊ ሓቂ እዩ ዝበገሰ– ናይ ወጻኢ ርክብ ማለት ናይ ውሽጣዊ ሓይሊ፡ ናይ ማሕበራዊ ፍትሕን ናይ ህዝባዊ ጽንዓትን ቀጥታዊ መቐጸልታ እምበር፡ ካብ ባዶነት ዝበገሰ ናይ ዲፕሎማሲያዊ ሃልኪ ወይ መድረኽ ፖለቲካዊ ትያትር ኣይኮነን። እቲ ሰነድ ንዓለም ከጥምታ እንከሎ፡ ንኤርትራ ከም ሓንቲ ኣብ ማእገር ሓያላት ሃገራት እትጽጋዕ፡ ናይ ካልኦት ሓይልታት ኣጀንዳ እተፈጽም ወይ መሳርሒ ጂኦ-ፖለቲካዊ ረብሓታተን እትኸውን ተለኣኣኺት ገይሩ ኣይኮነን ዝቖርጻ። የግዳስ፡ ኤርትራ፡ ምንኣሳን ምምዛኑን ብዘየገድስ፡ ልኡላውነታ ብሕጋዊ መገዲ ዘረጋገጸት ሃገር ክሳብ ዝኾነት፡ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ምስ ዝኾነ ዓቢ ይኹን ንኡስ ሓይሊ ብማዕረ ደረጃ ናይ ምዝራብ፡ ናይ ምምጓትን ናይ ምውሳንን ምሉእ ልኡላዊ መሰል (Sovereign Equality) ከም ዘለዋ ብትብዓት ይእውጅ። እዚ ድማ ኑቲ ኣብ ታሪኽ ዓለም ንዘመናት ዝጸንሐ ናይ "ሓያላት ይእዝዙ፡ ድኹማት ይምእዘዙ" ዝብል ዓመጸኛ ናይ ጂኦ-ፖለቲካ ስርዓት ብመትከል ዝሞጉተን ፍጹም ፍትሓዊ ኣተሓሳስባ ዘዝበረን ንቕድሚት ዝጠምት ሰነድ እዩ።

## ሰላም ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ሓባራዊ ህልውና እምበር ምርጫ ኣይኮነን

ናብቲ ናይ ቀረባ ዞባዊ ከባቢና፡ ማለት ናብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ገጽና ክንምለስ ከለና ድማ፡ እቲ ቻርተር ዘዝበሮ ናይ ዞባዊ ምትሕብባር ፍልስፍና ኣዝዩ ዓሚቕ፡ ርሑቕ ዝጥምትን ረዚንን እዩ። ኤርትራ ኣብ ሓደ ኣዝዩ ተሃዋሲ፡ ስትራተጅያውን ብተደጋጋሚ ብኩናት ዝደመየን ዞባ ከም እትርከብ እቲ ሰነድ ኣጸቢቑ ይግንዘብ። ስለዚ ድማ፡ ዞባዊ ምትሕብባር ንኤርትራ ናይ ምቕት ወይ ናይ ተራ ምርጫ ጉዳይ ዘይኮነስ፡ ናይ ሓባራዊ ህልውናን ዘላቒ ሰላምን ጉዳይ ምዃኑ የጸንዕ። ሓንቲ ሃገር ጎረባብታ እናተቓጸሉ ንበይና ኣብ ውሽጢ ደሴታዊ ሰላም ክትነብር ከም ዘይትኽእል ብምእማን፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ ናይ ምጥርጣር፡ ናይ ጽልእን ናይ ውክልና ኩናትን ሕሱም ዓንኬል ወጺኡ፡ ናብ ናይ ሓባራዊ ልምዓትን ሰላምን መድረኽ ክሰጋገር ከም ዘለዎ እቲ ሰነድ ጸውዒት የቕርብ። እዚ ማለት ድማ ሰላም ንሓደ ወገን ጥራይ ዘወሃብ ጸጋ ዘይኮነስ፡ ኩሎም ህዝብታት እቲ ዞባ ብማዕረ ዝካፈልዎ ዘይንጻጸል ህልውናዊ ድሕነት ምዃኑ ምእማን እዩ።




## ልኡላውነትካ ዓቒብካ ዞባዊ ውህደት

ይኹን እምበር፡ ኣብቲ ቻርተር ዝሰፈረ ዞባዊ ምትሕብባር ኣብ ሑጻ ዝተሰረተ ናይ ሕልሚ ዓለም ኣይኮነን። እቲ ሰነድ ሓቀኛን ዘላቕን ምትሕብባር ክህሉ እንተኾይኑ፡ ክልተ ዓበይቲ ኣዕኑድ ክኽበሩ ከም ዘለዎም ብጽኑዕ የጠንቅቕ– ቀዳማይ፡ ምኽባር ኣህጉራዊ ዶባትን ልኡላውነትን፤ ካልኣይ ድማ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ካልኦት ሃገራት ፈጺምካ ዘይምትእትታው እዮም። ሓንቲ ሃገር ናይ ጎረባብታ ልኡላውነት እናገሃሰት፡ ወይ ድማ ዶባት ኣፍራሳ ናይ ምስፍሕፋሕ ሕልሚ ኩተሚህድ እናሓለነት፡ "ዞባዊ ውህደት ነምጽእ ኣለና" ክትብል እንተፈቲና፡ እዚ ውህደት ዘይኮነስ ናብ ሓድሽ ናይ ጥፍኣትን ዕንወትን ኩናት ዝመርሕ መገዲ ምዃኑ እቲ ሰነድ ብጥልቀት የረድእ። ሰላማዊ ጉርብትና፡ ናይ ካልኦት መሰልን ግዝኣትን ካብ ምኽባር'ዩ ዝጅምር እምበር፡ ካብ ምፍርራሕን ምፍጣጥን ከምዘይኮነ እቲ ናይ 1994 ራእይ ብንጹር ደንጊጉዎ ይርከብ። ልኡላውነት ማለት ናይ ካልእ መሬት ምምንዛዕ ዘይኮነስ፡ ንናይ ገዛእ ርእሰኻ ዶብ ብሕጊ ኣኽቢርካ ምስ ጎረባብትኻ ብክብረት ምንባር እዩ።

ብመንጽር ቁጠባዊ ምትእስሳር ክንምርምሮ ከለና፡ ቻርተር ኤርትራ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከም ሓደ ተመላላኢ ቁጠባዊ ዓቕሚ ዘለዎ ስትራተጅያዊ ህያው ኣካል ገይሩ ይወስዶ። ናይ ኤርትራ ስትራተጅያዊ ወደባትን ናይ ባሕሪ ኣፍደገታትን፡ ምስቲ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘሎ ናይ ዕዳጋ፡ ናይ ሕርሻን ናይ ጸዓትን ዓቕምታት ናይቲ ዞባ ክተኣሳሰር ከሎ ጥራይ እዩ ምሉእ ረብሓ ዝርከቦ። እዚ ማለት ድማ፡ ኣብ ክንዲ ሃገራት እዚ ዞባ ንሓድሕደን እናተቓጸላ ህዝብታተን ንድኽነትን ስደትን ዘቃልዓ፡ ብናጻ ንግዲ፡ ብመሰረተ-ልምዓታዊ ምትእስሳርን ብሓባራዊ ናይ ወፍሪ መደባትን ተጠሚረን ክዕብያ ይግባእ። እዚ ራእይ እዚ፡ ካብቲ ኣብ መበል 20 ክፍለ-ዘመን ዝነበረ ናይ ግዝኣት ወረራን ናይ ሓይሊ ምምንዛዕን ድሕር ኣተሓሳስባ፡ ናብቲ ዘመናዊ ናይ "ሓባራዊ ተጠቃምነት" (Win-Win Solution) ምስጋር ዝጠልብ ዝሰልጠነ ቁጠባዊ ፍልስፍና እዩ። እዚ ድማ ንቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪቃን ካብ መድረኽ ኩናት ናብ ናይ ንግድን ምዕባለን ድልድል ዝቕይር ሓያል ራእይ እዩ።

## ርእሰ-ምርኮሳ፡ ሓቀኛ መትከል ናጽነት

ናብቲ ዓለም-ለኻዊ መድረኽ ክንሰግር ከለና፡ ቻርተር ኤርትራ ዘዝበሮ ናይ ኣህጉራዊ ምትሕብባር መሰረት ምስቲ ናይ "ርእሰ-ምርኮሳ" መትከል ብቐጥታ ዝተኣሳሰረ እዩ። ርእሰ-ምርኮሳ ማለት ዶብትካ ዓጺኻ ካብ ዓለም ምግላል (Isolationism) ማለት ኣይኮነን። የግዳስ፡ ናይ ወጻኢ ምትሕብባር ክግበር እንከሎ፡ ኣብ ውሽጣዊ ዓቕምኻ፡ ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ጻዕርን ኣብ ዘይደናገጽ ናጻ ውሳኔን ተመርኲሱ ክኸውን ከም ዘለዎ ዘመልክት እዩ። ሓንቲ ሃገር ብናይ ካልኦት ረድኤትን ምጽዋትን እትነብር እንተደኣ ኮይና፡ ፖለቲካዊ ናጽነታን ልኡላዊ ክብረታን ክትሕሉ ኣይትኽእልን እያ። ስለዚ፡ ምስ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ዝግበር ዝኾነ ይኹን ርክብ፡ ኣብ ናይ ሓቂ ሽርክነትን ናይ ሓባር ረብሓን እምበር፡ ኣብ ናይ ፖለቲካዊ ቅድመ-ኩነትን ናይ ጽግዕተኛነት ሰንሰለትን ዝተመስረተ ክኸውን ከም ዘይብሉ እቲ ሰነድ ብትሪ የረጋግጽ። ናይ ረድኤት ኢድ ዝዝርግሓላ ሃገር፡ ናይ ፖለቲካ ውሳኔኣን ክብረታን ከም እተጥፍእ እቲ ሰነድ ብዕምቈት የዘኻኽረና።

> «ናይ ረድኤት ኢድ ዝዝርግሓላ ሃገር፡ ናይ ፖለቲካ ውሳኔኣን ልኡላዊ ክብረታን ተጥፍእ።»

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ቻርተር ኤርትራ ንናይ ደቡብ-ደቡብ ምትሕብባር (South-South Cooperation) ዝሆቦ ስትራተጅያዊ ኣተኩሮ ካልእ ዓቢ ረቛሒ እዩ። ኣብ ታሪኽ ተመሳሳሊ ናይ መግዛእቲ፡ ናይ ዓመጽን ናይ ኢ-ፍትሓውነትን በደል ዝወረደን ናይ ሳልሳይ ዓለም ሃገራት፡ ድምጸን ብሓባር ከስምዓን ሓባራዊ ናይ ቁጠባን ፖለቲካን ግንባር ክፈጥራን ከም ዘለወን ይእምት። እዚ ድማ ኑቲ ብውሑዳት ሓያላት ሃገራት ዝዕብለል ዘይፍትሓዊ ዓለማዊ ስርዓት ንምዕራይን፡ ዝያዳ ደሞክራሲያውን ሚዛናውን ዝኾነ ኣህጉራዊ መዋቕር ንምትካልን ዝሕግዝ ናይ ሓቦ ቃልሲ ምዃኑ ይሕብር። ትካላት ዓለም ከም ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን መድረኻትን፡ ንሓያላት ጥራይ ዘገልግሉ መሳርሒታት ኣብ ክንዲ ዝኾኑ፡ ንኹለን ሃገራት ብማዕረ ዘገልግሉ ሕጋውያን መድረኻት ክኾኑ ምጽዓር ናይዚ ፖሊሲ'ዚ መሰረታዊ መትከል እዩ።

## ዞባዊ ጸጥታ ብዞባዊ ሓላፍነት

ኣብ መዳይ ጸጥታን ምርግጋእን'ውን፡ ቻርተር ኤርትራ ናይ ደገ ሓይልታት ወተሃደራዊ ምትእትታውን ናይ ውክልና ኩናትን (Proxy Wars) ምሉእ ብምሉእ ይጽውግ። ቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪቃን ናይ ዓበይቲ ሓይልታት ናይ ረብሓ መጻወቲ ወይ ናይ ኩናት መድረኽ ክኾኑ ከምዘይብሎም፡ እቲ ናይቲ ዞባ ጸጥታ ድማ ብቐንዱ ብበዓልቲ ብደቂ'ቲ ከባቢ ብሓላፍነት ክዕቀብ ከም ዝግባእ የገድድ። ኣብ ክንዲ ናይ ወጻኢ ወተሃደራዊ መዓስከራት ምትካልን ንናይ ካልኦት ጂኦ-ፖለቲካዊ ህርፋን ምግልጋልን፡ ሃገራት ናይዚ ዞባ ናይ ሓባር ናይ ጸጥታን ስሊያን መርበብ ብምህናጽ ንግቡረ-ሽበራ፡ ዝይሕጋዊ ምስግጋር ሰባትን ንናይ ባሕሪ ሸፋቱን ብሓባር ክምክታ ይግባእ። እዚ ቅድሚ ሰላሳ ዓመት ዝተኣደረ ራእይ፡ ሎሚ ኣብ እንዕዘቦ ዘለና ናይ ቀይሕ ባሕሪ ወተሃደራዊ ውድድርን ናይ ጂኦ-ፖለቲካዊ ምስሕሓብትን ክረአ ከሎ፡ ክሳዕ ክንደይ ርሑቕ ዝጥምት፡ ብሱልን ትንቢታውን ዝኾነ ስትራተጅያዊ ኣተሓሳስባ ምንባሩ የረጋግጸልና።

እቲ ኣብ 1994 ዝደመቐ ናይ "ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር" ሰነድ፡ ናይ ሓደ እዋን ስምዒታዊ ድሌት ወይ ወረቐታዊ ስምምዕ ኣይነበረን። ንሱ ኣብ ክልተ ዘይነቓነቑ ዓበይቲ መትከላት ዝተሃንጸ እዩ– ውሽጣዊ ጽንዓትን ግዳማዊ ማዕርነትን። ውሽጥኻ ብማሕበራዊ ፍትሕን ብርእሱ-ምርኮሳን እንተ ዘይደልዲልካ፡ ኣብ ደገ ተሰማዒ ድምጺ ክህልወካ ኣይክእልን፤ ኣብ ደገ ድማ መትከልካን ልኡላውነትካን ኣሕሊፍካ ብምሃብ ዝመጽእ ዘላቒ ሰላም የለን። ሓቀኛ ልኡላውነት ኣብ ባይታ ብዝሰራሕ ግብራዊ ሓርነት እምበር ብናይ ወጻኢ ምጽዋት ኣይዕቀብን።

> «ሓንቲ ሃገር ጎረባብታ እናተቓጸሉ ንበይና ኣብ ውሽጢ ደሴታዊ ሰላም ክትነብር ኣይትኽእልን እያ።»

ሎሚ ዓለምና ኣብ መንጎ ሓያላት ሃገራት ብዝተኻየደ ዘሎ ሓደገኛ ምፍጣጥ፡ ብናይ ዶባት ዘይምኽባርን ብናይ ጽግዕተኛነት ቅልውላዋትን ትናወጽ ኣብ ዘላትሉ መድረኽ፡ እዚ ናይ 1994 ቻርተር ደገምካ ምፍታሽ ዓቢ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ይህበና። ሓቀኛ ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር፡ ሃገራት ንልኡላውነት ሕድሕደን ክኽብራ ከለዋ፡ ካብ ናይ ካልኦት ውሽጣዊ ጉዳይ ኢደን ክስሕባ ከለዋ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሓባራዊ ረብሓን ማዕርነትን ዝተመርኰሰ ናይ ሓቂ ሰላም ንምስፋን ብቕንዕና ክሰርሓ ከለዋ ጥራይ እዩ ዘረጋግጽ። እዚ ድማ ንትማሊ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንሎምን ንመጻኢ ወለዶታትን ዘገልግል ዘይሃስስ ናይ ስትራተጂ መትከል ኮይኑ ይቕጽል።

# ጸጋታት ባሕሪ

## ካብ ህይወታዊ ባሕሪ ናብ መድሃኒት ሕክምና

ንጉሰ ክፍሉ

ማያት ዓለም 70% ክፋል መሬት ዝሽፍንን ዝሓብሉ ትሕዝቶ ዘውንንን ኮይኑ፡ ልዕሊ 80% ናይ ዓለም ኣትክልትን እንስሳታትን ዝነብርዎን ካልኦት ኣዝዮም ኣደነቕቲ ደቀቕቲ ታህዋሲያን ዘለዎን እዩ።

ኣከባቢ ባሕሪ ካብ -1.5°C ብበረድ ዝተሸፈነ ክልቲኡ ጫፋት ዋልታ ክሳብ 350°C ዝበጽሕ ምሒር ወዑይ ትሕቲ ባሕሪ መሬት ዘለዎ ብዘይመጠን ብዙሕን ዘርያምን ጠባያት ይውንን። እዚ ዓቢ ፍልልይ ጠባያት ማያዊ ኣካል ቀንዲ ምኽንያት ካብ ንቡር ወጻኢ ኣዝዩ ብዙሕ ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነት ክህልዎን ነፍሲ ወከፍ ጽልዋ ዓቢ ኬሚካላዊ ብዙሕነት ክውንን ኣኽኢልዎ። ከም ሰፍነግ ባሕሪ፡ ዕንባባታት ባሕሪ፡ ቱኒኬት፡ ዓሳታት፡ ማንቲለ ባሕሪ፡ ሞላስካ (ዛዕጎል ባሕርን ኣረ ባሕርን)፡ ኢኪኖደርምስ፡ ብርዮዘዋ፡ ጋምቤሩ፡ ደቀቕቲ ታህዋሲያን ባሕርን ንመፍረ መድሃኒት ዘገልግል ኬሚካል ዘለዎም ህይወታውያን ጸጋታት ባሕርን እዮም።

ኣብ መሬት ዝርከቡ ህይወታውያን ጸጋታት ኣብ ፍርያት ዝተፈላለዩ መድሃኒታት ሕክምና ልዑል ኣበርክቶ ክገብሩ ጸኒሖም እዮም። የግዳስ ብዙሓት ሕማማት ሕክምናዊ ፍወሳ ክርከበሎም ብዘይምኽኣሉ፡ ስነ-መድሃኒታዊ መጽናዕቲ ናብ ኣብ ባሕሪ ዝርከቡ ህይወታውያን ከስፍሖን ከተኩርን ተገዲዱ።

ምስ ምምሃዝን ምምዕባልን ምዕቡል ቴክኖሎጅታት ቅድሚ ሕጂ ኣብ ትሕቲ ባሕሪ ክበጽሑን ክጽንዑን ዘይክእሉ ዝነበሩ ህይወታውያን ክጽንዑ ዕድል ስለ ዝፈጠረ፡ ኣብ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ሕርሻ ማይ፡ ዕብየት ሰማያዊ ቁጠባ (Blue Economy)፡ ምዕባለ ኣገባብ መርመራ ስፔክትሮስኮፒን መፍረ መድሃኒት ካብ ባሕርን ዓቢ ዝላ ክገብር ዕድል ከፊቱ።

ኣብ መሬት ኣትክልቲ ቀንዲ ምንጪ ፍርያት መድሃኒታት ኮይኖም ዝጸንሑን ዝቕጽሉ ዘለዉን ክኾኑ እንከለዉ፡ ብኣንጻሩ ኣብ ባሕሪ እንስሳታት እዮም ቀንዲ ምንጪ ርኽበት ፍርያት መድሃኒታት ሕክምና ኮይኖም ዘለዉ። እዞም እንስሳታት ዘይዓጽምቶን ዘይንቀሳቐሱን ኣብ መሬት ተጣቢቖም ዝነብሩ፡ ምስ ደቀቕቲ ታህዋሲያን ናይ ሓባር መንበሮኣዊ ዝምድና ዘውንኑ እዮም። እዞም እንስሳታት ኣብ ኣካላቶም ኬሚካላዊ ነገራት ስለ ዘለዎም፡ ኣብ ዳህሳስ መድሃኒት ቀንዲ ምንጪ ኮይኖም የገልግሉ ኣለዉ። እዞም ንፍርያት መድሃኒት ከም ምንጪ ኮይኑ ዘገልግል ኬሚካል ዘውንኑ እንስሳታት ኣብ ሰለስተ ይኽፈሉ።

**ሃደንቲ እንስሳታት፡-** መግቦም ንምርካብ ቅልጡፍ ምንቅስቓስ ዝለዎም ተሃደንቲ እንስሳታት ንምሓዝ ዝጥቀምሉ ነገራት ኬሚካል ዘውንኑ፡

- **ተሃደንቲ እንስሳታት፡-** ኣብ ግዜ መጥቃዕቲ ካብ ጸላእቶም ንምክልኻል መከላኸሊ ነገራት ኬሚካል ካብ ኣካላቶም ዘፍርዩ፤
- **ተወዳደርቲ እንስሳታት፡-** ንሽምኦም ዝኣመሰሉ ኣብ ምንባር ዘወዳደርዎም እንስሳታት ከም ዘይዓብዩን ከም ዘይወዳደርዎምን ንምግባር ኣንጻሮም ኬሚካላዊ ነገራት ብምዝራሕ ህላውነቶምን ዕብየቶምን ዘረጋግጹ እዮም።

እዞም እንስሳታት ከም ስፖንጎሳይድ፡ ኢክተዩናስዲንስ፡ ኣሊኻንድሪንስን ዶላስታቲንስን ዝበሃሉ ሓያል ነገራት ኬሚካላት ኣብ ኣካላቶም ስለ ዘፍርዩ፡ እዞም ኬሚካላት ኣብ ኢንዱስትሪ መፍረ መድሃኒት በቲ ዝድለ ዓቐን ተመስሪሖም፡ ከም መድሃኒት ንዝተፈላለዩ ሕማማት ኣብ ምፍዋስ የገልግሉ። እዞም ነገራት ኬሚካላት ናይዞም እንስሳታት ናይ ጸረ ምብዛሕን ጸረ ካንሰርን ተግባር ስለ ዘለዎም፡ ኣብ ዳህሳስ መፍረ መድሃኒት ጸረ ካንሰር ልዑል ኣበርክቶ ክገብሩ ከም ዝኽእሉ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ሕክምና ይእምቱ።

እዞም ዝስዕቡ ህይወታውያን ከም ቀንዲ ምንጪ መፍረ መድሃኒት ባሕሪ ዘገልግሉ እዮም።

### 1. ደቀቕቲ ታህዋሲያን

ናይ ባሕሪ ዕሲን ባክተርያን ኣብ ምፍራይ ጸረ-ነፍሳትን ጸረ-ካንሰርን መድሃኒታት ልዑል ኣበርክቶ ዝገብሩ ዘለዉ ታህዋሲያን እዮም። ንኣብነት ጸረ-ካንሰር መድሃኒት ኣክቲኖማይሲን ብካብ ባሕሪ ዝርከብ ስትሬፕቶማይሰስ ዝበሃል ባክተርያ ይፈሪ። ሰማያዊ-ቀጠልያ ሰበባ ባሕሪ ዝበሃል ደቂቕ ታህዋሲያን ጸረ-ታህዋሲያንን ጸረ-ሕበጥን ባህሪ ዘለዎ ኬሚካል ስለ ዘለዎ፡ ክሪፕቶፋይሲን ዝበሃል ጸረ ካንሰር መድሃኒት ንምፍራይ የገልግል።

### 2. ጻህያይ ባሕሪ

ፕሮቲን፣ ስብሒ፣ ፊኖልን ፖሊሳካራይድስን ብብዝሒ ኣብ ጻህያይ ባሕሪ ዝርከቡ ትሕዝቶታት ኮይኖም፡ ናይ ካንሰርን ሕበጥን ተጻባኢ ባህሪ ስለ ዘለዎም ኣብ ምፍራይ መድሃኒት ልዑል ኣበርክቶ ክገብሩ ከም ዝኽእሉ ይእመነሎም።

### 3. ዘይዓጽምቶ እንስሳታት

ዘይዓጽምቶ እንስሳታት ባሕሪ ከም ሰፍነግ ባሕሪ፡ ዕንባባታት ባሕሪ፡ ኦክቶፑስን እሾኽ ባሕርን ብዙሕ ዓይነት ኬሚካል ስለ ዘለዎም


እሾኽ ባሕሪ

ኣብ ምፍራይ መድሃኒት ባሕሪ ልዑል ኣበርክቶ ካብ ዝገብሩ ጸጋታት ባሕሪ እዮም። ፐፕታይድስ፡ ኣልካሎይድስን ተርፐኖይድስን ኣብ ኣካላት ናይዞም ዘይዓጽምቶ እንስሳታት ዝርከቡ ንመፍረ መድሃኒት ዝሕግዙ ኬሚካላት እዮም።

**ሰፍነግ ባሕሪ፡-** ክሪፕቶ ፐቲዳይንን ፓይሮሎይሚኖን ኣብ ሰፍነግ ባሕሪ ዝርከቡ ኬሚካላት ኮይኖም፡ ጸረ ጥረ ኣካላትን ጸረ-ታህዋሲያንን ባህሪ ኣለዎም። በዚ መሰረት ሰፍነግ ባሕሪ ኣብ መፍረ መድሃኒት ልዑል ኣበርክቶ ዝገብር ዘሎ እንስሳ ባሕሪ እዩ።

**ልስሉስ ዕንባባ ባሕሪ፡-** ናይ ሕበጥ ተጻባኢ ባህሪ ዘለዎም ኬሚካላት ተርፐኖይድስን ኣልካኖይድስን ስለ ዘለዎም ኣብ ምፍራይ መድሃኒት ዘይንዓቕ ኣበርክቶ ይገብሩ።

**እሾኽ ባሕሪ፡-** ሳፖኒንስን ኣልካኖይድስን ዝበሃሉ ጸረ-ፋንጋስን ጸረ-ታህዋሲያንን ባህሪ ዘለዎም ኬሚካላት ስለ ዘውንን ኣብ መፍረ መድሃኒት ባሕሪ ኣገዳሲ እንስሳ ይገብሮ።

### 4. ዓጽምቲ እንስሳታት

ዓሳታትን መጥባወቲ እንስሳታትን ሕበጥ፡ ሕማማት ልቢ፡ ጸቕጢ ደምን ሕማም ረሲዕን ኣብ ምክልኻል ዝሕግዝ ካብ ስብሒ ዝምስረሕ መድሃኒት ኦሜጋ-3 ንምፍራይ የገድሱ።

**መጽናዕታዊ ዳህሳስ መድሃኒት ባሕሪ**

ኣብ 1881 ንመጀመርታ ግዜ ካብ ክልፕ ዝበሃል ተኽሊ ባሕሪ ተመስሪሑ ኣብ ሕክምና ዝወዓለ ኣልጅኖት እዩ። ሰድዩም ኣልጅኖት ብሰንኪ ብዝሒ ኣሲድ ክልሕጸጽ ዝኽእል መናድቕ ሻሕለለ መለግለግ ዝበል ፈሳሲ ፈጢሩ ንምክልኻል ይጠቅም። እቲ ዝዓበየ መጽናዕቲ መድሃኒት ካብ ህይወታውያን ባሕሪ ግን፡ ስፖንጎሲንስ ዝበሃል መድሃኒት ካብ ሰፍነግ ባሕሪ ኣብ 1940ታት ምስ ተመስረሐ ዝጀመረ እዩ። ኣብ 1948 ድሕሪ ርኽበት መድሃኒት ሰፋሎስፖሪን-ሲ ካብ ቅምሶ ማይ ባሕሪ ድማ፡ ምዕባለ መፍረ ጸረ-ነፍሳት መድሃኒት ጉጅለ ሰፋሎስፖሪንስ ካብ ባሕሪ ጀሚሩ።

ኣብ 1950 በርግማን ንፈለማ ግዜ ካብ ህይወታውያን ባሕሪ መድሃኒት ከም ዝስራሕ ብወግዒ ኣፍሊጡ። ኣብ 1970 ኣትክልትን እንስሳታትን ባሕሪ ልዕሊ 15,000 ፍሉይ ጀነቲካዊን ኬሚካላዊን ጠባያት ከምዘለዎምን ኣብ ምፍራይ መድሃኒት ልዑል ኣበርክቶ ክገብሩ ከምዝኽእሉን ተረጋጊጹ። ሰፍነግ ባሕሪ ብጀነቲካዊን ኬሚካላዊን ትሕዝቶ ኣብ ቅድሚት ዝስራዕ ህይወታዊ እዩ። ልዕሊ 30% ካብ'ቲ 15 ሽሕ ፍሉይ ጀነቲካዊን ኬሚካላዊን ጠባያት ኣብ ሰፍነግ ባሕሪ ይርከብ። እቲ ብርቂ ዝኾነ ዳህሳስ ብዘይካ ራይቦስን ዲኦክሲራይቦስን፡ ሽኮር ዘለዎ ራይቦ-ፐንቶሲል ኒክሎሳይድ ኣብ ሰፍነግ ባሕሪ ድሕሪ ምርካቡ እዩ።

ባሕርን ከባቢኡን ሰፊር ናይ ብዙሓት ብዓይነትን ቅርጽን ዝፈላለዩ ህይወታውያንን መኽዘን ናይ ፍሉይ ቅርጸውን ኬሚካላውን ጠባይ ዘለዎም ድንቂ ባህርያዊ ጸጋታትን እዩ። ህይወታውያን ባሕሪ ከም ምንጪ መግቢ፡ ከም ምንጪ መድሃኒት ልዑል ኣበርክቶ ከም ዘለዎ ብምስትውዓል ወዲ ሰብ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ እዚ ደርማስ ትሕዝቶ ጸጋታት ባሕሪ ንዝተፈላለየ መዓላ ክጥቀመሉ ጸኒሑ። ንኣብነት ዘይቲ ዓሳ ካብ ቀደም ጀሚሩ ወዲ ሰብ ከም ፈውሲ ክጥቀመሉ ዝጸንሐ ከም መድሃኒት ማዕበሉ ዝቕጽል ዘሎ ንጥዕና ኣገዳሲ ፍርያት እዩ።

ስነ-መድሃኒት ባሕሪ (Marine pharmacology) ሓደ ናይ ፋርማሲ ኣካል ኮይኑ፡ ኣብ ባሕሪ ካብ ዝነብሩ እንስሳታትን ኣትክልትን መድሃኒት ንምፍራይ ዘጽንዕ፡ ንዕቑር ባህርያዊ ጸጋታት ባሕሪ ኣብ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ንምውዓሉ ሓያል መጽናዕቲ የካይድ ኣሎ። ኢንዱስትሪታት መፍረ መድሃኒታት ብወገን ካብ ህይወታውያን ባሕሪ መድሃኒት ኣመስሪሐን ኣፍርየን ኣብ ንግዳዊ መዓላ ንምውዓሉ ይሰርሓ ኣለዋ።

ብስነ-መድሃኒት ባሕርን ኢንዱስትሪ መፍረ መድሃኒትን ኣብ ዝተፈላለዩ ደረጃ ተጠቃምነት ዝበጽሑ መድሃኒታት ማለት ኣብ ዕዳጋ ዝወፅሉ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃ ፈተነ ዘለዉ ሓደስቲ መድሃኒታት ንምምስራሕ፡ ብድህሪታትን ናይ መጻኢ ምዕባለታትን ሰፊሕ ዳህሳስን ምርምራዊ መጽናዕትን የካይዱ ኣለዉ። ስለዚ ስነ-መድሃኒት ባሕሪ ብዙሕ ተስፋ ዝሀብ ውጽኢት እናተረኽቦ ብናህሪ ካብ ዝቕጽሉ ዘለዉ ርኽበታትን ምዕባለታትን ሕክምና ሓደ እዩ።

ስነ-መድሃኒት ባሕሪ ብሰለስተ ኣገባብ ካብ ህይወታውያን ባሕሪ መድሃኒት ንምፍራይ መጽናዕትን ዳህሳስን የካይድ።

1. ኣብ ህይወታውያን ባሕሪ ጀነቲካዊ ህንደሳ ብምኽያድ ንመድሃኒት ከም ዝሰርሑ ወይ መድሃኒት ኣብ ምስራሕ ከም ዘገልግሉ ምግባር፡

2. ካብ ህይወታውያን ባሕሪ ዝርከብ ኬሚካላዊ መርዚ ብዮቓን ተመስሪሑ ብቐጥታ ንፋርማሲን ሕክምናን ዘገልግል መድሃኒት ምስራሕ፡

3. ህይወታውያን ባሕሪ ንፋርማሲን ጥዕናዊ ኣገልግሎትን ከም ዝውዕሉ ምግባር እዮም።

መድሃኒታት ባሕሪ ኣብዞም ዝስዕቡ ፍወሳታት ከገልግሉ መጽናዕቲ ይቕየደሎም ኣሎ።

- **ጸረ ባክተሪያ፡-** ኢኮሳፐንታኖይክ ኣሲድ ኣብ ህይወታውያን ባሕሪ ዝርከብ ጸረ-ባክተርያ ተጻባኢ ባህሪ ኣለዎ።
- **ጸረ ሕበጥ፡-** ካብ ሰፍነግ ዝፈሪ መድሃኒት ካብ ሕበጥን ጠንቅታቱን ይከላኸል።
- **ምክልኻል መትኒ ኣእምሮ፡-** ካብ ጻህያይ ባሕሪ ዝፈሪ መድሃኒት መትኒ ኣእምሮ ብምክልኻል ጥዕና ኣእምሮ ይሕሉ።
- **ጸረ ባልዕ፡-** መድሃኒት ባሕሪ ካብ ባልዕ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣለዎ።
- **ጸረ-ቫይረስ፡-** ካብ ምስ ባክተሪያ ሓቢሩ ዝነብር ሰፍነግ ባሕሪ ብቫይረስ ዝስዕብ ቆርበት ዘቖስል ሕማም ዝከላኸል መድሃኒት ክፈሪ ይኽእል።
- **ጸረ-ካንሰር፡-** ካብ ሰፍነግ ባሕርን ጋስትሮፖድን ዝበሃሉ ህይወታውያን ባሕሪ ዝፈሪ መድሃኒት ኣብ ምፍዋስ ሕማም ካንሰር ልዑል ኣበርክቶ ክገብር ይኽእል።
- **ጸረ ቃንዛ፡-** ዚኮኖታይድ ዝበሃል ካብ ኣረ ባሕሪ ዝፈረየ መድሃኒት ካብ ምምሕዳር መግብን መድሃኒትን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ሕጋዊነት ረኺቡ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለን ልዑል ቃንዛ ናይ ምዕጋስ ዓቕሚን ዘለዎ መድሃኒት ባሕሪ እዩ።
- **ጸረ-ታህዋስያን፡-** ካብ ዕሲ ወይ ፋንጋስ ባሕሪ ዝተመስርሐ ሰፋሎስፖሪን-ሲ ዝበሃል መድሃኒት ልዑል ናይ ምክልኻል ታህዋሲያን ከም ዘለዎ ብመጽናዕቲ ተረጋጊጹ።


ጸህያይ ባሕሪ


ሰፍነግ ባሕሪ


ዕንባባታት ባሕሪ

ብምትሕብባር ሚ/ሪ ሃብቲ ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ

## ሪፖርታዥ

# ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም፡ ዝኽሪ እምቢታ ኤርትራውያን

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

ስእሊ.- ክብሮም ጸሃየ

ወርሒ. መስከረም ኣብ ማህደር ገጻት ታሪኽ ህዝቢ. ኤርትራ ፍሉይ ምዕራፍ እዩ ዘለዋ። ረዚን ዝኽሪ ዝሓዘለት ብወርቃዊ ቀለም እትዝከር ዕዝዝቲ ወርሒ። እቲ ምንታይ ሓፋሽ ህዙብና፡ ሓርነቱ ክደሊ. ብትብዓትን ወግዒን ደው ዝበለላ ፍልይቲ ወርሒ. ብምዃና። ብዓበኡ ከኣ መሪለሚት ጽንዓት ናይቲ ነዊሕን መሪርን ጉዕዞ ቃልሲ. ስለ ዝኾነት። ህዝቢ. ኤርትራ ንስለ ናጽነቱ ከርተት ዝበለሉ፡ ትንፋስ ብሉጻት ደቁ ዝኸፈለላ ካብዘ ድምቀት ወርሒ. እዚኣ'ዩ ተበጊሱ።

ሓደ መስከረም ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልሲ. ህዝቢ. ኤርትራ፡ ምሸት 31 ነሓሰ 2026 ብኸቡብ ዝበለ ስነስርዓት ኣብ ሲኒማ ሮማ ብሃገር ደረጃ ተዘኪሩ። ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን ኣብ ዝተረኽቡሉ ዕዙዝ ኣጋጣሚ ድማ፡ መደብ ብዝኽሪ ሰማእታት ፈሊሙ። ስዒቡ፡ “መስከረም” ብትእብል ብቋንቋ ትግርኛን ዓረብኛን ብማእከላይ ባህሊ. ህ.ግ ቀያሕቲ ዕንቦባ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ተ.ሓ. ኤን ዝፈረየት ናይ ዝኽሪ መዝሙር ቀጺሉ። እዛ ብበዙሓት ንኣሽቱን ጉዳይምን ድምጻውያን ሃገርና ዝቐረበት፡ ኣብ ልቢ. ኤርትራዊ ዝተወቕረት መዝሙር፡ ንጽንዓትን ትብዓትን፡ ንምልዕዓልን ሕርያ ተበግሶን ማሕታ ጉዕዞ ናጽነት ቃልሲ. ህዝቢ. ኤርትራ እተዘኻኽር እያ ነይራ።

ስዒበን ድማ፡ “ትኣምኑና” ብቛንቋ ትግራይት ብድምጻዊ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊ. (ወዲ ጎረት) ፡ “ሐራያ” ብቛንቋ ሳሆ ብድምጻዊት ሰላም ደሞዝ፡ “ኣለና ኣብ ጉዕዞ” ብቛንቋ ትግርኛ ብድምጻዊ ድራር ገ/የሱስ፡ “ግራግንቱ” ብቛንቋ ናራ ብድምጻዊ ኣደም ያቆብ - ተር ከም ዓተር ኑቲ ረዚን ዋጋ ዝተኸፍሎ ጉዕዞ ሓርነታዊ ቃልስና ዘዘኻኽር ሓደስቲ ደርፍታት ቀሪበ። ህዝቢ. ድማ ኣብ ርዝነትን ምረትን እቲ ዘሕለፎ ስቓይ ተወጢሑ ኣብ ዝኽሪ ቃልሱ ኪጋማዓሕ ኣምሰዩ።

ከም ህዝቢ. ኤርትራ ገይሩ ንምረት መግዛእቲ ጎባጢጡ ዝፈልጦ ኣሎ እንተ ተባሂለ ምግናን ጥራሕ እዩ ክኸውን። ክንደይ ተበራረይቲ ሓይልታት ግዛእቲ፡ መሰሉን ናጽነቱን መዝረፍም ኣሰንከርሞ እየም። ዝቐሓ ልቢን ርእሰን ሐዘም ብስም ጂኦግራፍያዊ ረብሓ፡ ዝ. ደፋእ ኢሉ ኣብታ ቃጽያ መሬቱ ሓሪሱን ኣለስለሱን ብዘፈጸማኡ ዝዑበር ሓሳል ህዝቢ፡ ሕማም መርዝብ ኪይናሞ እዮም። በዞም ኣእምሮኣም ብረብሓ ዝሸፈቱ፡ ህዝብና መሰሉ፡ ሓርነት፡ ክብረት፡ ናጽነት... ዝብሉ ቃላት ኣይግብኣኻን እየን ተባሂሉ ብንያሆኡ ተኸሒኑ።

መደባት ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም ሓደ ድሕሪ ሓደ እናዛረያ እንከለው፡ “ክልኣት ንዳል” ማለት “ክልተ ቓልሲ.” ዘርእስታ ብስነጥበበኛ ማሕሙድ ዓሊ. ሓሰበ ዝተደርሰት ድራማ እያ ንምርኢት ቀሪባ። እዛ ድራማ ስማ'ውን ከም ዝሕብሮ ክልተ መልእኽቲ ሒዛ እያ ተመድሪኻ። በቲ ሓደ ኑቲ ህዙብና እናበኣበሰ መሬትና ዝገባጠ ስርዓት ሃይለስላሰን ግፍዒታቱን ከተንጸባርቕ እንከላ፡ በቲ ካልእ መዳይ ድማ ሓድነትን ቃልስን ህዝቢ. ኤርትራ ከይዓኾኾ እንከሎ፡ ንምዝራጉን ንምቑጻዩን ዝወጠነ ዝበረ. ውዲታት ከምኡ'ውን ብገለ ዕሱባትን ሃሱሳትን ደቂ ሃገር ዝዋገር ጸረ ቃልሲ. ንጥፈታትን ብድሆታትን ብዓበኡ ከኣ ንዘይተጸዓደኑትን ዘይተዝበርከኸቱትን ዕጥቃዊ ቃልሲ. ህዝቢ. ኤርትራ ብመሪሕነት ዓዋተ እተንጸባርቕ እያ ነይራ።

ቀጺለን ድማ፡ “ኤርትርያ” ብቛንቋ ዓረብ ብድምጻዊ ሶሚኤል ተኪኡ፡ ብስነጥበበኛ ኒጋሲ. ጉብረድንግል ዝተደርሰት “ናጽነት” እትብል ናይ ሓቦር ደርፊ ብድምጻውያን መንእሰያት ሳሌም ጎይትኦም፡ ኣማኑኤል ሃ/ስላሴ፡ ገደም ዳኒኤል፡ ዩስራ መሓመድ ሳልሕን ምስ ሰዓበት፡ ንዓኣ ተኸቲላ ድማ “ኤረትርያ” እትብል ብቛንቋ ብዳዌት ብድምጻዊ መሰጦፋ ኣሕመድ፡ “ዓዋተ” ብቛንቋ ትግራይት ብጡዳም ድምጻዊ መሓመድ ዑስማን፡ “መጠሉክ” ብቛንቋ ብሌን ብድምጻዊ ተመስገን ሚኪኤል፡ “ሳሞላ” ብቛንቋ ዓፋር ብድምጻዊ መሓመድ ዓሊ. ዳርሳ፡ “ተስታይና” ብድምጻዊት ብርኽቲ ገ/ስላሰ (ታንኪ)፡ “ኣንጓ” ብቛንቋ ኩናማ ብድምጻዊ ዓንዱ ሳልሕ፡ “ጀላብ ዓድና” ብድምጻዊ ሰሊማን ኣሕመድ፡ “ብርሃን ክደገሓና” ብድምጻዊ ተስፋእየሱስ ተኽለብርሃን ብወኒ ተመራሪሐን ቀሪባ። ሲኒማ ሮማ ድማ ብዝኽሪ ሓበንን ኩርዓትን ናይዚ. ሃገራዊ በዓል መመለሱ ደመቐ። እዚ. ምስ ወናምት ተላሃይቲ ጉጅለ ትልሂት ሰቲትን ኣደማዕን ክቐርብ ዘምሰየ ውሓዚ. ስነጥበባዊ መሰናዶኣታት፡ ብሓፈሻ ህዝቢ. ኤርትራ ንኽብረቱ ዝኸፈሎ መስዋእትን ጅግንነትን፡ ዘርኣዮ ቅያን ሓርበኛትን መኸተን ጽንዓትን...ዝገልጽ እዩ ነይሩ። እቲ ምንታይ፡ ምእንቲ ናጽነት ኤርትራ ክበል ዝሓለፈ. ኤርትራዊ ገባዚ ማእሊያ የብሉን። ትንፋሱን ዕድላቱን ንሓፋሽ ወፍዩ። ንሱ ዝተኸለ ሓወልቲ ቃልስን ዝኸፈሎ ዋጋን'ዩ ድማ ሎሚ ድልዱል ሃገራዊ መንነትን ሃገርነትን ፈጢሩ ዝርከቡ።







ኣብ ግንቦት 1947 ሓርበኛ ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያም፡ “ኤርትራ-ንመን” ኣብ ትሕቲ ዝብል ተኸታታሊ. ዓንቀጻት ኣብ ሰሙናዊ ጋዜጣ ኣብ ዝጸሓፍዎ ዝበሩ ምስ እንዝምልከት፡ ከምዚ. ዝስዕብ ኢሎም ነይሮም። ንሶም “ብዛዕባ ጉዳይ ገዛ ርእሰኻ ንኽልኣት የሕልፈካ ምሃብ፡ ጭንቅን ሰንፍትትን እዩ እምበር ግቡእ ኣይኮነን። ሰብ ብዛዕባ እቲ ዝዋበኦን ዘኮኣሎን ኩሉ ዘበለ እንተዝበረ፡ እዝበሂሮውን ንረዳኢቱን ሓገዙን የቀላጥፈሉ እዩ። እምበኣርከስ ጌና እንከሎ ግዜ፡ ዝዋበኦን ዘኮኣሎን ክዝበር ይዕደም ኣሎ” ኢሎም ነይሮም።

እዞም ሓርበኛ ኣቦና ኣብ 1940ታት “ኤርትራ ንመን” ክብሉ እንከለው፡ ዝ. ሕጂ ኣልዒልናዮ ዘለና ዝድርዕ ብሱል ሓሳብ እዩ። ኤርትራ መሰላ ከተረጋግጸሉ እትኽእል ሃሰው ደብዛል ምንባሩ ዘረጋግጽ ዓቢ. ሰድ እዩ። ንቑዕን ፍርድን ሓሳባትን ዘምጉት ተባዕን ጽኑዕን መርገጺ. ህዙብና። እዚ. ጽኑይ ስተዳ'ዚ. ኣብ እዋኑ፡ ኩን ዶኾን ገለ ዝሰምዕን ቅኑዕ ልቢን እንተ ተረኺበ ብዝበል'ውን ዓው ኢሉ መጉቱ። ልቢ. ጸላእትናን ለኣኽቶምን ግን፡ ጌና ካብ ሽዑ ከም ጽርግያ ዓርቢ ረቡዕ ኩይኑ። ናብ ሰላማዊ ህዝቢ. ብምቕናዕ ሰላሙ ዓምጺጹን ኳዕጺጹን፡ ልቦም ዓቢዶን ወንቢዶን። “እሕሕ” ዝብል ልሳን'ውን ተሳኢኑ። ህዝቢ. ኤርትራ ብተደጋጋሚ ዓው ኢሉ ንሰላምን ክብረትን ከም ሕሱም ጸዊዕወን፡ ዝሰምዖ ግን ኣይረኸበን። ኣብዚ. ሓንቲ ኣብነት ሩሲያውያን ዘኪሩ፡ “ክንዝምር እንከለና ኩሉ ሰብ ይሰምዓና፡ ክንበኪ. እንከለና ግን ዋላ ሓደ” እያ ትብል። ብልክዕ ኣብ ጉዒ ሓቀኛ ዝኸውን ፍጡር ተሳኢኑ።

ህዝብና፡ ፍትሒ. ኣበናይ ኣራእርን መኸጉራጉርን ከም ዝኣተወት ሃሰው ኢሉ ሰኢኑዋ። እዚ. ግን ንሓፋሽ ህዝቢ. ኤርትራ ድንቂ. ውሳኔታት ክወስድ ዒላ ልቦናኡ ዝኸፍት ኣጋጣሚ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ከም ሃገር ዝ. ሕጂ ኩይናዮ ዘለና ምስሊ. ብኢጋኡ ከሕሰቡና ዝኸኣለ እንኮ ምርጫ ዝኽእል ብልቢ. ኣሚኑሉ'ዩ ዝበገሰ። ኩናት ናይ ጽንዓት ፈንጠዝያ ኣይኮነን። ክንደይ ብሉጻትን ምሩጻትን እዩ ዝሓተተ። ብኻልእ መዳይ ድማ ኩናት መሰልኻን ሰላምካን ተውሕስሉ ናይ መወዳእታ ምርጫ'ውን እዩ። ዝ. ሓሳብ ስለዝተረደኣ'ዩ ድማ ኑታ ዕለት ምርጫኡ ገይሩዋ። ንውሓት ቃልሱ ክሳብ ክንደይ እዩ ብዘየገድስ፡ ክብረቱን ናጽነቱን ንምርግጋጽ ብረታዊ ቃልሲ. ሓርዩ። 1 መስከረም 1961 ዝ. ሓሳብ እዚ. ክዉን ክትገብር ሓርዩዋ። እቲ ዘይተርፍ ብዘይዕጾፍ ቅልጽም ኩናትን ልሳንን ኣሃዱ ኣሎ።



ስለዝበረ። ህዝቢ. ኤርትራ ዝተመንዘዐ ሰላሙ ክደሊ. ሴፉ መሊሑ ምስ ጸላእቱ ፊት ንፊት ንኽፋለም ዘኽኣሎ ሰዓም ግዜ ስለዝተረኽበ፡ ከምቲ ኣቦይ ወልደኣብ ዝበልዎ፡ ህዝቢ. ኤርትራ፡ ኣደራዕ መግዛእቲ ንምቕንጣጥ ዝከኣሎ ክዝበር ዝደፋፍእ ኑቲ ፈኸም ዝብል ዝበረ. ሃገራዊ ስምዒታት ኣብሪኽዎ እዩ።

ሰላምን መሰልን ሓርነትን ፍትሕን እተን ካብ ቀደም ጀሚረን ወሰንቲ ዝኾና ነገራት እየን። ደቂ ሰብ ዝኣን ክረኽቡ እዮም ዕጥቃዊን ሓርነታውን ቃልሲ. ዘካይዱ። ብዘይብኣአን ፈጺሞም ክነብሩ ኣይክእሉን። ካብ ኣብ ግዝኣ መሬቶካን መረበትካን ኩዓሚ ምዃን ዝኸፍእ ሃገር ስለዘየሎ፡ ባሕቲ መስከረም ድማ ዝበን ኣቖጺምና ዝጠቕሰናዮን ቃላት ጋህዲ ክትገብር ተበጊሳ። ስለዚ. ኢና ድማ ንባሕቲ መስከረም ኣብሊጽና ንርእያ። ህዝቢ. ኤርትራ ኣብ ግዝኣ መረቡ፡ ፍትሒን ሓርነትን ሰኢኑ ምስ ተኸልኡ ኣብ ቅድሚኡ ኩድጭ ዝበለ ጉዳይ እንተደኣ ነይሩ፡ 'ምግዓል' ዝብል ኣምር እዩ ነይሩ። ቅልጽምካ ገዚርካ ድልያ ንሓርነት ምቅላስ፡ ከም ደቂ ኣራዊት ኣብ በረኻታት ሰፊርካ ፍትሒ. ምድላይ ዘዩወላውል ዕቱብ ምርጫ ምንባርዶ ዘይምንባር ዝብል'ዩ ነይሩ። ገድልን ገደልን መረጽካ ሰብኣውነትካን ምስልኻን ምርግጋጽ።

ብሓጺሩ ዕምሪ መግዛእትን ደንቁርናን ንምምሓው ህዝቢ. ኤርትራ ንቑሓት ኣምሪሑ ብንቕሓት ምስ እምባ ተረጻሙ። ግጥም ዳዊትን ጎልያድን ጸጸን ሓርማዝን። እሞ ኸኣ ምስ ቁንጣሮ ሰንቂ፡ ዓቕሚ. ሰብ፡ ኣጻዋር ንፍትሒ. ብሸምብቆ ብረት ደልዩዋ ኣረጋጊጹዋ ድማ።

ህዝቢ. ኤርትራ ሓርነታዊ ቃልሱ ክፍልም እንከሎ፡ ብዘረጠነ ምኑትን ክኸውን ከም ዘይክእል ተገንዚቡ እዩ ተበጊሱ። ቅድሚኡ ክንደይ ዓመታት ብሕግን ሰላማዊ መንገድን ብኣቦታትና ተፈቲኑ እዩ፤ እንተኾነ ኣብ ግብሪ ኣይሰርሐን። ድሕሪ መፍትሒ. ኣልቦ ዓመጽ ድማ “እምቢ. ኣይግዛእን” ብምባል ናብ ዕጥቃዊ ቃልሲ. ተሰጊሩ። ዋላኳ ኩናት በላዒ ሰብን መሪርን ምዃኑ ይኣምን እቲ እንኮ ሕርያኡ ጠበንጃ ምልዓል እዩ ነይሩ። ዕጥቃዊ ቃልሱ ንሕቶኡ ክምልስ ከም

ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኣብ 26 መስከረም 1961 ኣብ ጎቦ ኣዳል ምስ ከምኡ ብጾቱ ኣብ ኩናት ወዒሎም ምስ ተመለሱ ከምዚ. ኢሉ ከም ዝበረ. ይፍለጥ። “ሎሚ ኣዛራት ኣድማጸ ኣሉ፡ ንፈለማ ግዜ ንሕናን ገዛእትናን ፊት ንፊት ገጠምና ተዋጊእና ኣለና። ከላስ ድሕሪ ሎሚ ምድቃስ የለን። ኣነ ዝ ሓዊ ይድገላ ኣለኹ፡ ብድሕረይ ብዙሓት ዝስሕንዎን ዝዓንተዋን ክመጽኡ እዮም” ብምባል ንንቕሎ ናይቲ መጋርያ ቃልሲ. ኣመልኪቱ ኣብ እዋኑ ንብጾቱ ተዛሪብዎም እዩ። ህዝቢ. ኤርትራ ዓቕሊን ተሰፋን ተቐፂቱ ንክውታ መዋእል ቀዲዱ ጫና ብርሃን ቀደድ ወለል ኣቢልዎ። ሳላኡ ድማ እነሆ ሎሚ ኣብ ጫፍ ክብሪ ህሪት ኣዕዚኑ ደርኩቡ ኣሎ። እቲ ብሰምሽን ባህልን ስፖርትን ሃገራዊ ኣዋሃህዲ. ሽማግለ በዓላትን ተዳልዩ ሰዓት 7፡00 ድ/ቀ ጀሚሩ ብልዑል ክብርን ሓበንን ክሳብ ሰዓት 8፡40 ድ/ቐ ክውሕዝ ዘምሰየ ናይ ዝኽሪ መደብ ኣማስያኡ ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ።




### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኻ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ቴራብ |
| 14:20 | ባህላዊ መደብ ብኣጋጣሚ ባሕቲ መስከረም |
| 15:25 | ከዋኽብቲ ስፖርት |
| 15:50 | ህርመት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዳህሳስ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ. ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዶክመንት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል

ከሳሲ ሳልሕ እድሪስ ዑመር፥ ተኸሳሲ ዑመር እድሪስ ዑመር፥ ጉዳይኩም ኣብ ቤ/ፍ ሸሪዓ ብቑ. መዝገብ 59/2026 ከምዝሎ እናሓበርና፥ ተኸሳሲ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ግደይ እንቋ ዘይሉ፥ ኣዴና ለምለም ትኩእ ገብረስላሰ ስለዝዋረፈት፥ ኣነ ምስ ሓንቲ ሓፍተይ ወራሲት ምዃንና ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፥ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰናይት ሓድጉ ሃኪ፥ ኣቦይ ሓድጉ ሃኪን ስለዝዋረፈ፥ ወ/ሮ ኤልሳ ማስመር በራኺ ናይ መጀመርታ ማለት ይተሓለወለይ፥ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ወራሲት ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፥ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዓብዱ ኢብራሂም መሓመድ፥ ምባል ተሪፉ፥ ዓብዱራሕማን ኢብራሂም መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፥ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ልዋም ባህታ በየነ ምባል ተሪፉ፥ የዲት ባህታ በየነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፥ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መም/ መልከ ኢያሱኣይ ተማኑ፥ ኣቦይ ኢያሱኣይ ተማኑ ዓገበ ስለዝዋረፈ፥ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወራሲት ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፥ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተማሰንን ዘሙይ ገብረሚካኤል ምባል ተሪፉ፥ ናህም ዘሙይ ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፥ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መቕርካ

ኣብርሃ ዘርኣይ ፍስሃጽዮን ምባል ተሪፉ፥ ኣብርሃም ዘርኣይ ፍስሃጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፥ ን28/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሰመረ ተስፋይ ከስተ፥ ኣደይ ኣኽበረት መሻሽ ሰቁር ስለዝዋረፈት፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወራሲት ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፥ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ኣቶ የማን ኣብራሃም ሞገስ፥ ብዓልቲ ቤተይ ኣስገደት ባዩረ ሰገድ ስለዝዋረፈት፥ ንዓይ ናይ መጀመርታ ማለት ይተሓለወለይ፥ 6 ደቃ ከኣ ወራሲት ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፥ ን21/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ምሕረት ገብረኪዳን፥ ብዓል ቤተይ ዑቕባስላሴ ገብረማስቀል ስለዝዋረፈ፥ ንዓይ ናይ መጀመርታ ማለት ይተሓለወለይ፥ 7 ደቁ ከኣ ወራሲት ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፥ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ሃይማኖት ሃብቱ ኣብርሃም፥ ኣዴና ማሰለሽ ገብረስላሴ በየን ስለዝዋረፈት፥ ንሕና 3 ደቃ ወራሲት ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፥ ን29/09/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣመልካቲት ኣስካለማርያም ገብረሂወት መብራህቱ፥ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ገጀረት (ዞባ 3 ምም 04 ጎደና ራስ ደስታ ዳምጠው ነበረ) ናይ ሕጂ ጎደና ተጋደልቲ ቁ. ገዛ 47/49 ቁ. ሎታ 84 ፓርቸላ “A” ስፍሓት መሬት 907.20 ት/ሜ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ዋንኑት 111289 መወከሲ ቁ.126001 ብስም ወረ/ፍ/ገብረሂወት መብራህቱ ዝተመዝገበ ክፋሉ ኣብ “ሐ” ዝርከብ፥ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ብዘለኒ ኦሪጂናል ሰነዳት ጉዳየይ ክፍጸም ምዃኑ እሕብር።

ኣስካለማርያም ገብረሂወት መብራህቱ

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፦ ኣሕምልትን በርበረ፥ ጥሒን ዝተቓመመን

ዓዳጊ፦ ቤ/ጽ/ጨ/ትምህርቲ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ጎኒ፥

ኣቕራቢት፥ ፎርቶ፥ ከርከበትን ሰሚ ቦርዲን ርብዓን

ኣርእስቲ ውዑል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ፦ ኣሕምልትን በርበረ ጥሒን ዝተቓመመን

ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ሃገራዊ

ጨ/ትም/ዞባ ጋሽ ባርካ ንዓመተ ትምህርቲ 2027 ካብ ዕለት 01/01/2017 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ናይ 10 ወርሒ ንተመሃሮ ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ኣቕራቢት፥ ፎርቶ ከርከበትን ርብዓን ንመግቢ ዝውዕል ኣሕምልትን በርበረ ጥሒን ዝተቓመመን ቀረብ መግቢ ክማልእ ስለ ዝደለየ፥ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

ተሳተፍቲ ዘማልእዎ ዝርዝር

1. ጨ/ትም/ዞባ ጋሽ ባርካ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ፥ ዋጋታት፥ መግቢ ኣሕምልትን በርበረ ጥሒን ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተሳተፍቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን፥ ናይ ዓመተ 2025 ክሊራንስ (ግብሪ ዝኸፈሉሉ) ቅዳሕ የቕርቡ።
4. መኽበሪ ጨረታ 50,000.00 ናቕፋ (C.P.O) ተሰኒዱ ክቐርብ ኣለዎ።
5. ብቑዓት ተሳተፍቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ፥ 50.00 ናቕፋ ዘይምለስ የትሕዙ።
6. ተሳተፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ብቑ.ቴ 731216 ይወከሱ።
7. ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን01 ወርሒ ክፉት ይኸውን።
8. ጨረታ ኣብ ቤ/ጽ/ጨ/ትምህርቲ ኣሃዱ ፋይናንስ ክሳብ ዕለት 30/09/2026 ሰዓት 12፡00 ቅ/ቀ ክቐርብ ኣለዎ። ደንጉዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፥ ተሳተፍቲ ወይ ወኪሎም ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቤ/ጽ/ጨ/ትምህርቲ (ኣሃዱ ፋይናንስ ዕለት 30/09/2026 ሰዓት 12፡00 ቅ/ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
9. ጨረታ መምርሒ ዕድግን ምም/ንብረት መንግስትን ብዘአዝዞ ይፍጸም።
10. ጨ/ትም/ዞባ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኽፊል ክሰርዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤ/ጽ/ጨ/ትምህርቲ ዞባ ጋሽ ባርካ ባረንቱ
ቁ/ቴ731216

ኣቶ ዑስማን ኣደም መሓመድ ዝተበሃለ ተቐማጢ ከተማ ከረን ምም/ ከባቢ 03 ኩዶ፥ ኣብ ሓጋዝ ትካል ጡሓኒት እኽሊ ከምዝለዎን ብመንገዲ ቤ/ጽሕፈት ንኡስ ዞባ ሓጋዝ (ቁጠባዊ ልምዓት) ከምኡ'ውን በዘለዎ ሕጋዊ ፍቓድ ዋኒን ስለ ዘረጋገጽና፥ ምትሕልላፍ ንኽገብር ከኣ ዝቐረበ ውዕል መሸጣ ብናይ ውሳነ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ስለዘሎ፥ ብመንገድና'ውን ከረጋግጸልኩም ንፈልጥ።

መንግስትኣብ ሳሙኤል
ሓ/ጨ/ምስናዕ ዞባ ዓንሰባ

ኣነ ኣመልካቲት፥ ሓፍተይ ኣፍ/ከበደሽ ሓጎስ ገብሩ ናይ ብሕታ ንብረታ ዝኾነ ገዛ ኣብ ኣስመራ፥ ዞባ 9 ምም02 ጎደና ዱዴሳ ቁጽሪ 10 ዝርከብ ኣብ 68.80 ት/ሜ ዝተደኮነ፥ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 115342 መዝገብ ቁጽሪ 105865 ዝተመዝገበ ሰለስተ ቀንዲ ክፍልታትን ክልተ ሓገዝቲ ክፍልታትን ዘጠቓለለ፥ ኣነ ኣመልካቲት 1ይ ደረጃ ብቤት ፍርዲ ኣስመራ ብዕለት 27/01/2026 ወራሲታ ምዃነይ ስለ ዘረጋገጸኩ'ሞ ካብ ስማ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ እቃወም ኣለኹ ዝብል፥ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ኣብ ውሽጢ ወርሒ እንተዘይኣምጺኡ ናብ ስመይ ክሰጋገር ምዃነይ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ ዝፋን የውሃን ዑቕባርጊሽ
ወኪልቲ ተፈሪ ኣብርሃ እምባዩ
ኣቶ ዑቕባይ ወልደሚካኤል ሃይለ

ወ/ሮ ኣዝመራ ተኽለሃይማኖት ወልደገርግሽ ዝተበሃልኩ፥ ኣብ መንካ ሺያጢ ኣቶ ኣብርሃ ገብረዋህድን ዓዳጊ ብዓል ቤተይ ኣፍ/ር መሓሪ መንግስቱን ብዕለት 16/05/1967 ዓ/ም ግእዝ ዝተገብረ ውዕል መሸጣ መሬት ኦርጂናል ውዕል ስለ ዝጠፈኣና፥ ክንረኽቦ'ውን ስለ ዘይከኣልና፥ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ምሳይ ኣሎ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዘዮ ኣለኹ ዝብል እንተሎ፥ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ (30) መዓልታት፥ ብቑጽሪ ተሌፎን 07120162 ክሕብር ንምሕጽን፥ እዚ ክይኑ ምስ ዝተርፍ ግን እዚ ሰነድ ውዕል መሸጣ ከም ጥፉእ ተቖጺሩ መተካእታኡ ክወሃበና ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክንሓትት ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ኣዝመራ ተኽለሃይማኖት ወልደገርግሽ
ወኪል ሰናይት ብርሃ

ክፍለማርያም ገለ ደባስ፥ ኣብ ዞባ ማእከል፥ ን/ዞባ ጸጸራት ዚፕ 1A293 ፕሎት 26 ፓርሰል ASP00052136-K1 ዝርከብ፥ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1BRASM01952 ብስም ሓብተይ ልኡላ ገለ ደባስ ዝተመዝገበ፥ ናታ ብጽሒት ኣብ ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜ ዝተደኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብውህብቶ ስለ ዝሃበትኒ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ፥ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ብዘለኒ ኦሪጂናል ሰነዳት ጉዳየይ ክፍጸም ምዃኑ እሕብር።

ክፍለማርያም ገለ ደባስ

ብስም ወ/ሮ ኣስቴር መልኣኽ፥ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL035+ ቁጽሪ መዝገብ DAR ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ መጠራ ዝርከብ ናይ ባር J22 ትካለይ፥ ንኣቶ ጺጋይ ሃብተማርያም፥ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ መጠራ ተሌፎን 07358381 ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፥ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፥ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ መዝገብ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ኣስቴር መልኣኽ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

1. **Position: Rebuild Fitter**

**Department: Processing Plant**
**Section: Engineering Process Plant**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- The Rebuild Fitter is responsible for the disassembly, inspection, repair, and reassembly of industrial slurry, high pressure, water pumps, chemical pumps, gearboxes, compressors, cylinders etc. to ensure optimal performance and reliability. This role is troubleshooting and improving equipment efficiency in operation of ore processing equipment.

**Essential Functions**

- Performs routine rebuilds while following safe work practices per BMSC safety policy.
- Provides guidance in continuous improvement of rebuilding procedures.
- Communicates with plant management regarding the status of rebuilds.
- Coordinates with the Training Department to help create content for training program.
- Assists with evaluation of national staff to validate skills for training progression.
- Must be able to interpret part's schematics/drawings and assist the Plant with ordering the required parts for a successful rebuild.
- Must be able to find solutions for problematic machines and/or parts to increase efficiency and sustainability.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Planning**

- Responsible for forecasting and planning of all rebuild work
- Follows the "Planned Maintenance Schedule". (Planned Task Document Observation).
- Tracks the use of maintenance and repair parts and ensures orders are placed within time
- Must be able to interpret structural and civil drawings to execute Project plan
- Uses reliability centered maintenance strategy to ensure availability of equipment

**Implementation of the Plan**

- Ensures maintenance and rebuilding of equipment is carried out in an efficient and effective way to minimize downtime through rework
- Ensure safety requirements are utilized, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of the appropriate PPE. Report any safety issues/incidents.
- Comply with mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Identify any hazards in the workplace.

**Training**

- Ensure that trainees have all tools and knowledge to undertake tasks under your supervision.
- Trainees need to be able to identify parts and perform quality rebuilds
- Trainees must ne taught lathe work and milling.
- Manages effective use of time and attendance.
- Be able to apply skills and transfer knowledge to team members
- Ensure proper housekeeping in shop.

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Candidate must be physically medically fit
- Candidate must be Mechanically Qualified
- Prior Ball & SAG Mill, Slurry and water pumps, Agitators and Gearboxes experience.
- Proven expertise in diagnosing and repairing complex mechanical systems.
- Strong knowledge of hydraulic, pneumatic and mechanical systems.
- Ability to read and interpret technical drawings and specifications.
- Experience with plant maintenance and shutdown
- Must be able to work outside exposed to heat, wind and dusty environments
- Must be able to work at Heights
- Must have a Light vehicle license

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| • Internationally recognized trade certificate as a Mechanical Fitter | • 10+ years relevant experience with ore processing equipment<br>• Lathe, Milling Machines, Welding, Cutting and Grinding |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Mechanical & Maintenance experience<br>• Problem solving skill<br>• Milling and lathe work<br>• Pumping system knowledge and rebuild experience<br>• Agitator and gearbox rebuild experience<br>• Stick welding<br>• Ability to work to tight tolerances<br>• Maintain a high level of workmanship<br>• Root cause analysis and elimination<br>• Problem solving skills. | • Communication (English)<br>• Assertiveness<br>• Interpersonal Relations<br>• Integrity<br>• Prioritizing skills & multi-skilling<br>• Ability to work towards strict deadlines<br>• High level of accuracy<br>• Attention to detail<br>• Analytical skill<br>• Self-motivated |

- **General Information and other requirements:**
- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

# “ክንድ’ቲ ክንገብሮ ዝግብኣና ብዘይ ምግባርና ንስከፍ” ጉጅለ ኣኪሉኒ

ቤትኤል ሰለሙን
ስእሊ- ዮውሃንስ መብራህቱ
ኣገ/ዜና/ዞባ ማእከል

*ከም ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ንመግዛእታዊ ጸቕጢ ንምስዓር እየም ኣብዞን ዝበጋሶ ዝበራ ማሕበራት ምንቅስቓስ ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ኣብ ዓዲ ጥልያን ሽርና ኣብ እትብሃል ከተማ ቃልሶም ፈሊሞሞ። ምስ ኢጣልያውያን ገርቲ ሰናይ ብምትሕብባር ከኣ “ናይ ደገፍ ኮሚቴ ኣብ ከተማ ሽርና ምስ ህዝቢ ኤርትራ” ብዝብል ስም ኣብ 12 ሓምለ 1984 ሓደ ማሕበር ኣቖሞም። እዛ ማሕበር ኣሶማት እናቓያየረትን ዘበርክትዎ ሓገዝት በዘእዋኑ እናተማሓየሸን ክሳብ*


ወ/ሮ ንግስቲ በጋጽዮን

*ሎሚ ኣብ ማስመር ቃልሶም ኣለው። ኣብ ሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ኤርትራ ብቐጻሊ እናተመላለሱ ዝ. ማሕበር ደገፉት ካብ ዝገብሩ ጉጅለ ኮይናም፡ ከም ወትሩ ዝ. ማሕበር ኣብ ዘገደሱ ፕሮጀክት ክዛዘዩ ናብዚ ማሕበር ምስ መጹ ኢና ረኺብናዮም - ንተበግሶታቶም ዝምልከት ዕላልና ደሰዕበ፣ ዝዘበና ናይ ሓርነት ሓበሬታ ደማ ብኸፆሚ ዝስዕብ ጸሚቕና ነቕርቦ - ሰናይ ንባብ—*


ወ/ሮ ዑቕባ ወልደገርጊስ

## ፈለማ ምስ ኑበሽኹም ከተላልዩና፤

ዶ/ር ነጋሲ ዘራጽዮን ወልደስላሰ እበሃል። ፕረዚደንት ማሕበር ኣከሉሲ ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ። ኣብዛ ማሕበር ካብ ግዜ ሰውራ ማለት ኣብቲ ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ዝፈለመሉ እየ ተጠርኒፈ። ከም ኣባል ጀኒሒ ከኣ ከም ፕረዚደንት ኮይነ ይጸዩ ኣለኹ።

ኣነ ከኣ ንግስቲ በጋጽዮን ጉብረእብ እበሃል። ካብ 1975 ምስ ብዓል በተይ (ሕጂ ብሞት ካብዛ ዓለም ተፈልዩ ዘሎ)፣ ኣብ ሓፋሽ ውድብት ብምውዳብ ቃልስና ንናጽነት ፈለምናዮ። ካብ ማሕበር ኤርትራውያን ንናጽነት ኣብ ኤውሮጳ ናብ ማሕበር ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ኮይንና ቀጺልና። ኣብዚ ማሕበር ከም ዋና ጸሓፊት ኮይነ ን17 ዓመታት ሰሪሐ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ከኣ ኣባል ማሕበር ኣከሉሲ እየ።

ኣነውን ዑቕባ ወልደገርጊስ ሓጎስ እበሃል። ኣባል ማሕበር ኣከሉሲ ኮይኑ ብዓልቲ ቤቱ ንዶ/ር ነጋሲ ዘራጽዮን ድማ'የ። ኣብ 1975 ብሰንኪ ዝነበረ ኩነታት'የ ናብ ስደት ኣምሪሐ። ኣብቲ እዋን እቲ ንሃገረይ ክምለስ እየ ዝብል እምነት ኣይነበረንን። ኣብዚ ውዳብ ምስ ተጠርነፍኩ ግን ተስፋይ ልዒሉ። ሃገርና ናጻ ምስ ኮነት እቲ ዝጀመርናዮ ውዳቤታት እናሰፍሐ ከይዱ፣ ክሳብ ሕጂ ከኣ ንሰርሕ ኣለና።

## ስም ማሕበርኩም ኣከሉሲ ኢልኩምዎ እሞ እንታይ'ዩ ትርጉሙ፤

‘ኣከሉሲ’ ማለት፡ ብቛንቋ ጥልያን ኮይኑ፡ ቀጥታዊ ትርጉሙ ዓሌል-ሰለል ማለት እዩ። ዓሌል-ሰለል ከኣ ህጻናት ዝዘናግዕሉ መጻወቲ'ዩ። እዚ ማሕበር ክምስረት ከሎ፡ ኑፆም ኣብ ሜዳ ዝዘበሩ ህጻናት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ንምሕጋዞምን ዘድሊ መጻወቲ መሳርሒታት ንምድጋፍምን ብዝብል ርድኢት ስለ ዝነበረ፡ ኣብ'ቲ ሽዑ ግዜ፡ ብናይ ሓባር ምርድዳእ፡ ስም ማሕበርና ኣከሉሲ ኢልናዮ። ክሳብ ሕጂ ከኣ እታ ስም ብኸፆሙ ትቕጽል ኣላ።

## ከም ማሕበር ክትጥርነፉ ዝበርኩም ዕላማ እንታይ እዩ ነይሩ፤

እቲ ቀዳማይ ዕላማና፡ ኣብቲ ዝነበረ ቃልሲ ነቲ ተቐሪኑ ዝነበረ መሰል ርእሰ ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ንምድጋፉን ደምጽና ንምሃብን ኢና። ምኽንያቱ ኣብቲ ግዜ እቲ ሰላማዊ ፍታሕ ዝናደየሉ ህሞት ብምንባሩ። ህዝቢ ኣብ ምንቕቓሕ፡ ብዞባ ኤርትራ ኣፍልጦ ምሃብ፡ ንሰውራ ዝውዕል ሓገዝት ኣብ ምውጻእን ካልእን መደባት ንጥፍ ነይርና። እቲ ዘርግም ኣብ ኢጣልያ ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ስራሕ ገዛ እዩ ዝቑጸር። እቲ ደሞዙ ኣዝዩ ትሑት ክነሱ፡ 20 ካብ 100 ኣታዊታት ንቃልሲ ይወፍዩ ነይሮም። ቀንዲ ኣተኩሮና ከኣ ኣብ ኣደን ህጻንን እዩ ነይሩ። ንኣብነት፡ እቲ ፈለማ ዝተዋጽአ ገንዘብ፡ ንቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝውዕል መሳርሒ መዚቃ ኢና ገዚእናዮ። ንሓደ ቈልዓ ብርሕቀት ምንባይ ዝብል ሓሳብ ስለዝነበረና፡ ንሓደ ቈልዓ 30 ዩሮ ይወፍዮ ነይሮም። ካብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ተሳኢሉ ዝመጸ ኣሳእል ብኻርተሊና ኣዳሊናውን ንሸይጥ ነይርና። ኣብ ዝበን ናይቲ ካርተሊና ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ካልእን ዘለሲ ጽሑፋት ነይሩዎ። ብዙሕ ንጥፈታት እናካየድና ከኣ ክሳብ ግዜ ናጽነት ቀጺልና።

## ድሕሪ ናጽነት'ከ ንጥፈታትኩም ከመይ ቀጺሉ፤

ድሕሪ ናጽነት ኣብ ማሕበራዊ ጉዳያት ኣተኩርና ኢና ሓገዝ ክንህብ ጀሚርና። ኑፆም ብማዕዶ ንኣልዮም ዝበርና ህጻናት ከኣ ካብ ተኣልዩቲ ጥራይ ዘኾ ኣፍሪዩቲ ንምግባሮም፡ ብዝተፈላለየ መንገዲ ከም ዝጥዕሱ ገርናዮም። ብጽምዲ ብዕራይ፡ ዱኳን እንዳ እኽሊ፡ መሸጣ ኣሕምልቲ ዝጥዕሱናዮም ነይርና። ጸኒሕና'ውን ምስ ‘ኤረክ’ ዝበሃል ማሕበር ብምትሕብባር፡


ንማሕበር ካብ ዝተገብረ ደገፋት

መናበዪ ዘኽታማት ኣብ ዲላብርዕድን ኣፍዓበትን ኣሰሪሕና። ኣብ 1998 ምስ ኣዋጅ ኲናት ኣብ ኤርትራ መደባትና ተሰናኺሉ ንዊሕ ዓመታት ደው ኢልና። ኣብ 2016 ግን ምስ ሃገራዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ዘራኽብ መደብ ኣውጺእና። ኣብ ቃምጫዋ ጀርዲን ንዝነበረን ደቂ ኣንስትዮ ሞተር፡ ንላንቲ ስንክልቲ ተማሂራት ከኣ ዓራብያ ስንኩላን ብምሃብ ከም ዝድገፉ ገርና። ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ ተከሊዛን ንዝጥዕሱ ስንኩላን ድማ ንሽዱሽተ ግዜ 10,000 ዩሮ ገንዘባዊ ደገፋት ብምሃብ ካብኦም ዘቶደድናዮም ንጥፈታት እየም።

## ኣብ ማሕበር ስንኩላን ካብ መዓስ ኢኹም ኣበርክቶ ክትገብሩ ጀሚርኩም፤

ካብ 2016 ኣትሒዝና ኢና ናብዚ ማሕበር ቶላሕታ ጌርና። እዞም ስንኩላን ዜጋታት ዘድልዮም ኣዝዩ ብዙሕ ናውቲ ከምዝሎ ምስ ተገንዘብና ከኣ፡ ምስኦታቶም እናተራኸብና ዘድልዮም ነገራት ይሃዩና እሞ ንሕና ከኣ ዝረኽብሉ መንገዲ ክንጥጥሕ ጀሚርና። ከም ፓምፐር፡ ብኤለትሪክ ዝሰርሓ ዊልቸር፡ ንታ ናይ መጸር ዓይኒ ትካል ዝውዕል ሰንዱቕ ኣበርኪትና ኣለና። ብተወሳኺ፡ ስንኩላን ኣብ ዝጥዕሱሉ እዋን፡ መጥዕሲ ዝውዕል መደባት ንሕዝ፡ ከም ኣብነት ኣብ ጠያ ብጡሓኒት እኽሊ፡ ጃልባ ምስ ሞተረን ከም'ኡ'ውን ብጤለ ጠሊ ከያኸቡ ስንኩላን ኣጣዩስና ኣለና።

## ኣባላት ናይዛ ማሕበር ቁጽርም ክንደይ ይበጽሕ እቲ ወጻኢታት ብኸመይ ትሽከብዎ፤

ኣባላት ውሑዳት ኮይንና፡ ቁጽርና 20 ኢና ንበጽሕ። ብዞባ ኣታዊ ካብ ኣባላት ጥራይ ዝ. ኩሉ ንጥፈታት ክትዓምም ዘኽኣል ኣይኮነን። ምኽንያቱ እቲ ዝእከብ ኣታዊ ናይ ማሕበር ስሞዊ ክፍሊት ስለዘኾነ ብዙሕ ዘዕንብ ኣይኮነን። ዝኾነ ትግብሮ ሓገዝ ብፕሮጀክት ስለዝመጽኡ እቲ ፕሮጀክት ምስ መጹ ኩልና ኣባላት ቡበወገንና ንፈተውትና፡ ቤተሰብ ኣዕሩኽ ንሞገር፡ ሕጂ ነፍሲ ወከፍና ክንዲ ብዘሕና ቁጽሪ እንተዓዲምና፡ እቲ ዝእከብ ገንዘብ ይብርክት። ብኸፆሚ ኣገባብ ኢና ንሓገዝ ዝውዕል ወጻኢታት ንእክብ።


## ንስንኩላን ክትሕግዙ ዝፈጠረልኩም ድፍኢት እንታይ እዩ ነይሩ፤

መግዛእቲ ስምብራት ይገድፍ እንዲዩ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ መግዛእታዊ ስምብራት ኣለዎ። እቲ ስምብራት ብዝያዳ ከኣ ኣብዞም ስንኩላን ዜጋታት እዩ ዘሎ። ኣብ ዕለታዊ ህይወቶም ብዙሕ ብድሆታት ኣለዎም። እቲ ንዖና ዝቐለለ ነገር ንዖኦም ብድሆ እዩ፡ ጠለባቶም፡ ዘድልዮም ነገራት ከኣ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ፡ ስለዚ ኢና ከኣ ምስዚ ማሕበር ክንደጋገፍ ወሲንና። ብቐጻሊ ብኣካል መጺእና፡ ኣብ ዘድልዮም ናውቲ ይኹን ክትግበሩ ዝድለዩ መደባት ንዝዘ፡ ዘድልዮም ከኣ ብዮቕሚ ናይታ ማሕበር ንቕርብ።

## ንሓርበኛታት ስንኩላን ትድግፉ ምህላውኩም ዝፈጥረልኩም ስምዒት ክትገልጹልና፤

ከም ኤርትራውያን ንሰከም ሓላፍነት ኣለና። ካብቲ ክንገብሮ ንኽእል ውሑድ ንገበር ብምህላውና ንሰከፍ ኑበስና ንሓከኽ። ሐደት ንሓገዝ ዝውዕል ናውቲ ሒዝና ምስ መጻእና ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ ምስ ረኣናዮ እንደገና ትሰከፍ ዕግበት'ውን ኣይሰምዓናን'ዩ። እዚ ንገብሮ ዘሎና ካብ ኣይገበርናን ዘናግፍ እምበር ዘቐስን ኣይኮነን። ሕጂ'ውን ብዙሕ ስለዘበርክትና ዘይኮነ ንዝረብ ዘሎና፡ ኑፆም ሓገዝ ምብርካት ከበድ ዝመስሎም፡ ክሕግዙ እናደለዩ ሰኣን ምብጋስ ግና ደው ኢሎም ዘለው፡ ኣንፈት ክኸናም ይኽእል እዩ ዝብል እምነት ስለዘለና ኢና። እዞም ስንኩላን ንዓይ፡ ንዓኻ፡ ንዓኺ እዮም ሰንከሎም፣ ዝም ዋጋ ዝኸፈሉ ምድጋፍ ከኣ ቀዳምነት ክወሃቦ ኣለዎ። ተወሃሂድና እንተሰሪሕና ከኣ ብዙሕ ክዕመም ዝኽእል ነገራት ኣሎ።

## ኣብ መጻኢ ዝሓዝኩምዎ መደባት እንታይ እዩ ዝመስል፤


ዶ/ር ነጋሲ ዘራጽዮን

ንሓሰቦ ብዙሕ'ዩ። ከምቲ ኣብ ግዜ ሰውራ ተጋደልቲ ዘድልየና ንሕና ስለ ንፈልጦ ተወከሱና ዝብሉና ዝበሩ፡ ሕጂ'ውን ብጠለብት ናይዚ ማሕበር ኢና ክንምራሕ። ብናታቶም ጠለብት መሰረት ከኣ ሕጂ ሓደ መደብ ሒዝና ኢና ክንምለስ። ስንኩላን ካብ ናብ ኣብ ዝንቀሳቐስሉ ካብ መኪና ክወርዱን ክድይቡን ብሓገዝ ናይ ሰብ እዩ ዝግበር። እዚ ንምቕላል ዝጠቕማ ምስ ዊልቸርም ክወርዱን ክድይቡን ዝሕግዝ መካይን ናይ ምእታው መደብ ኣለና። እዚ ሕጂ ዝፍጸም እዩ። ብተወሳኺ ማሕበር ትካል መጸር ዓይኒ ስለዘለዎም፡ ከም መርኣዩ እተገልግል መሳርሒት (ፖርታብል ስሊድ ላምፕ) ሒዝና መጺእና ኣለና። ኣገዳስነታ ተረዲኡ ከኣ ኣብ ቀጻሊ ብብዝሒ ክንእቱን ክንምጽእን ኢና። ከምኡ'ውን መመርመሪ ዓይኒ ድሮ ተዳልዩ ኣሎ። ኣምላኽ ይሓግዝ እምበር ንሕና ንስንኩላን ንምድጋፍ ድሕር ኣይክንብል ኢና።


ኣብ ጠያ ዝተተኸለት እንዳ ጠሕና

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

14 ክፋል

> “ዕድላት ባዕላቶም ኣይክስቱን እዮም። ባዕልኻ ኢኻ ትፈጥሮም።” - ክሪስ ግሮሰር
>
> “ዓወት ምስ ተግባር ዝተኣሳሰረ እዩ። ዕዉታት ሰባት ምረሻኦም ኣየቋርጹን እዮም። ንሳቶም ከም ሰብም ጌጋ ይፍጽሙ እዮም። የግዳስ ከቶ ኣየቋርጹን እዮም።” – ኮንራንድ ሂልተን

## ጽፈት ስራሕ



ጽፈት ስራሕ ዳርጋ ኣብ መላእ ዓለም መዛረቢ ኣርእስቲ እዩ ዝኸውን ዘሎ። እቲ ምንታይሲ፡ መብዛሕትኣን ትካላት፡ ንግዚያዊ ረብሓ እምበር፡ ንሓዋሩ ዓማዊለን ብጽቡቕ ዝሕዝሉ መንገዲ ኣይእልሻን እየን ዘለዋ።

ግዚያዊ ረብሓ ግዱ ንግዚኡ የናብረካ እምበር፡ ናይ ሓዋሩ ቀሰብ ኣይኮነካን እዩ። ሓንሳእ ሰምካ ብሕማቕ ምስ ተበለሉ፡ ዲጋማይ ከተዕርዮ ኣጸጋሚ ስለ ዝኸውን ድማ፡ ኣብ ናይ ዘልኣለም ጥዕሳ ክሸምመካ ይኽእል እዩ።

ንዓማዊልካ ከም ኣባላት ስድራኻ ትርኣዮም እንተ ኼንካ፡ ብኻላ ማላ ክትሕዞም ትጸቢት ኣይግበረልካን እዩ። ንዕኦም ዝኮድእ ሰጉምቲ እውን ኣይትወስድን ኢኻ። ርትዓዊ ዝኾነ መኽሰብ ናይ ፍረ ጻማኻ ክትወስድ ግዱ ከም መሰልካ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ።

ዕዉታት ሰባት ንጽፈት ስራሕ ብዕቱብ እዮም ዝሕዝዎ። ንሳቶም ‘ኣይክእሎን እየ’ ዝብል ሓረግ ካብ ኣፎም ከውጽኡ ኣይደልዩን እዮም። ንዝተዋህቦም ስራሕ ንኽኢሎታት ተወኪሶም ደዮም ዋላስ መጽሓፍቲ ኣንብቦም፡ ብጽፈት ክዛዘምዎ ዘይጉብርዎ ጻዕሪ የለን።

ንሳቶም ሓላፍነት ናይ ስራሖም ክወስዱ ወትሩ ድሉዋት ስለ ዝኾኑ፡ ንዝኾነ ዝገጥሞም ጸገም ወይ ግድል ክፈትሑ ብዘይተገላበጦት ተበግሶ ይወስዱ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ነቲ ስራሕ ብጽፈት ክዛዘምዎ እንከለዉ ዓቢ ሩፍታ ይስምዖም።

ገለ ስራሕተኛታት፡ “እዚ ልዕሊ ዓቕመይ እዩ” ወይ “እነ ዚ ክሰርሖ ኣይክእልን እየ” ዝብል መልሲ ክህቡ ወትሩ ርቡጻት እዮም። ከምዚኦም ዓይነት ስራሕተኛታት፡ ክልወጡ ወይ ክምዕብሉ ድሉዋት ኣይኮኑን። ከም ሳዕቤኑ፡ ዋላ ሓደስቲ ዝተቖጽሩ ስራሕተኛታት እዮም፡ ኣብ ጽፈት ስራሕ ማሕዲጎምሎም ዝኸዱ።

ኣብ ስራሕኻ፡ “ኣይክእሎን እየ” ወይ “ኣይፈልጦን እየ” ምባል ዘይት ክኸውን ኣይክእልን እዩ። “ኣይፈልጦን እየ” ምባል ከተብዝሕ እኽለኻ እኳ፡ ኣብ ስራሕካ ከም ዘይትማሃር ዘለኻ ኢኻ እትኸሽሕ። እወ ካብ መሳርሕትኻ ወይ ባዕልኻ ሓደሽ ፍልጠት ንኽትቀስም ፋሕተርተር ከም ዘይትብል ዘለኻ ኢኻ ትገልጽ ዘለኻ።

ገለ ስራሕተኛታት ኣብ ስራሖም ዓሚቝ ፍልጠት ዘይብሎም ኣለዉ። ካልኦት ግዱ ዓሚቝ ፍልጠት ክህልዎም ዘይደልዩ እዮም። ከም ሳዕቤኑ፡ መሳርሕቶም ይኹኑ ናይ ቀረባ ሓለፍቶም ኣብኦም እምነት ስለ ዘጥፍኡ ወይ ተሰኪኦም ስለ ዝጸንቅቑ፡ ንክሕግዝዎም ዝጉብርዎ ጻዕሪ እናማህመነ እዩ ዝመጽእ።

እቲ ብትሑት ብቕዓቱ ዝጸዓት ስራሕተኛ፡ ንዝኾነ ትካል ሓጋዚ ኣይኮነን። ንመሳርሕቱን ነቲ ትካልን ሰኽም ስለ ዝኸውን፡ ከም ክሳራ እዩ ክጥመት ዘለዎ። ካብ ዘይማሓየሽ ስራሕተኛ፡ ስራሕካ ከማሓይሽልካ ምጽባይ፡ ተመሊሱ ንዓኻ እዩ ናብ ትዕዝብቲ ዘውድቐካ።

ዕዉታት ሰባት፡ ‘እኽእሎ እየ’ ዝብል ኒሕ ተሓንገጦም፡ ንኹሉ ዝረኸብዎ ዕድል ኣብ ምጥቃም ዓይናም ኣይሓሰዩን እዮም። ንሳቶም ንኹሎም ከኣታት — ዋላ ንጸገማትን ጥርዓናትን — ከም ዕድላት እዮም ዝርእይዎም።

ካልኦት ሰባት ንጸገማት ክርእዩ እንከለዉ፡ ዕዉታት ሰባት ግዳ ንጸገማት ብምፍታሕ ሓደስቲ ፍርያት፡ ኣገልግሎት፡ ዓማዊል ከምኡ እውን ፈናንሳዊ ዓወት ከም ዝረኽቡ ርግጸኛታት እዮም ዝኾኑ።

ዓወት ማለት ንብድሆ ምውጋድ ምኻኑ ኣይትዘንግዕ። ከንዲ ዝኾነ፡ ብዘይ ገለ ጸገም ክትዕወት ኣይትኽእልን ኢኻ። ንሸኻ ብዘብቕዓት ክሳብ ዘገምጠኻዮ፡ እንታይነት ናይቲ ጸገም ብዙሕ ዘገድስ ኣይኮነን። ንዘዓበየ ብድሆ ብዘገጠምካ መጠን፡ ዝለዓለ ዓወት ከተመዝግብ ትኽእል ኢኻ።

ጸገም ንበይንኻ ጥራይ ኣይኮነን ዘጋጥመካ። ጸገም ዘየጋጥሞ ሰብ የለን። እቲ ንጸገሙ ዝብድህ እዩ እምበር፡ ልዕሊ መውዳድርቱ ጸምባሊል ኣሉ ዝወጽእ።

ዕዉታት ሰባት ካብ ዘይዕዉታት ሰባት ንላዕሊ ፍሉያት ካብ ዝኾኑሉ ሓደ፡ ንዘጋጥሞም ዕድል ሓንኩኾም ስለ ዝጥቀምሉ እዮም። እቲ ንዘጋጥሞ ዕድል ብኻላ ማላ ዘሕልፎ ሰብ፡ ኣብ መጠረሽታ እናተጣዕሰ እዩ ብጭንቀት ዝነብር።

ዕድል ማለት ሳሕቲ ጥራይ ዘጋጥም እዩ። ከንዲ ዝኾነ፡ ነቲ ሳሕቲ ዘጋጥመካ ዕድል፡ ዝኾነ ግዜ ከየጥፋእካ ክትጥቀመሉ እዩ ዘለካ። ጽባሕ የርክበሉ፡ እናበልካ ንግዜ ርእስኻ ከተታልል ኣይግባእን። ምኽንያቱ፡ ጽባሕ ናይ ካልኦት ዕድል ክትከውን ትኽእል እያ።

ኣብ ስራሕካ ጸገም ኪጋጥመካ ይኽእል እዩ። እቲ ጸገም ንኻልኦት መወዳድርትኻ ትካላት እውን ማዕረኻ ዝጸልዎም ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ከም እዚ ከኣታት እዩ እምበኣር፡ ናትካ ፍሉይ ብቕዓት ኣፈታትሓ ጸገም ዝርአ።

“ምስ ሰብካ ጸበብ ዳርጋ ጸብ” ወይ “ምስ ሰብካ መዓት ዳርጋ ገዓት” እናበልካ ኣብቲ ጸገም ሽለል ትብሎ እንተ ኼንካ፡ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክትበጽሕ ክትጸገም ኢኻ። ብውልቅኻ ነቲ ጸገም ክትፈትሖ እንተ ኽኢልካ ግዱ ልዕሊ መውዳድርትኻ ጸብለል ናይ ምባል ዕድልካ እምብዛ ዝሰፍሐ እዩ ዝኸውን።

መብዛሕትና ንጉዳእ ርእስና ከም ዕድለኛታት ወይ ዘይዕድለኛታት ክንገልጻ ንጽሞ ኢና። ዕዉታት ሰባት ግዱ ዕድል ናብ ገዛኦም መጺኣ ክትኳሕኩሓም ኣይጽበዩን እዮም። ባዕላቶም እዮም ናብ እቲ ዕድል እትረኽበሉ ቦታ ኪዶም ዝረኽብዋ።

ንሳቶም ዝያዳ ብዝሰርሕዎ መጠን፡ ዝያዳ ናይ ምዕዋት ዕድል ከም ዝጋጥሞም ኣሚኢዚኖም ስለ ዝኾነዘቡ፡ ንተወፋይነቶም ቀጻሊ እዮም ዘዕዝዝዎ። ከም ወጽኢቱ፡ ብበዙሓት ሰባት ከም ዕድለኛታት ክግለጹ ይስምዖ።

እቶም ኣብ ዓራቶም ደቂሶም እንከለዉ፡ ዕድል መጺኣ ነውሒዋ ከተተንስኦም ዝጸበዩ ድማ፡ ከም ዘይዕድለኛታት ይቖጸሩ። ግዱ ሓቂ ምስእ ጥዕና እንከለካ ብተወፋይነት ክትሰርሕ ዘይምኽኣል ንባዕሉ፡ ከም ዘይዕድለኛ እንተ ኣቐጺርካ ዝንእሰካ ኣይኮነን።

## ፍቕሪ ብድሆ

ንገለ ሰባት ብድሆ ምሐር እዩ ዘጽልኦም። ብድሆ እንተ ኣጋጢምዎም ኣብ ውልቃዊ ህይወቶምን ስርሖምን ዝጥሕሉ እዮ ዝማስለም። መብዛሕትኡ ግዜ ከኣ ከም እቲ ዝሶገኡዎ ክጥሕሉ እዮም ዝረኣዩ።

እቶም ዕዉታት ሰባት ግዱ ብብድሆ ዝያዳ ይበልሑ። እቲ ዘጋጥሞም ብድሆ ዝያዳ ብዘጸንከረ መጠን፡ ዝያዳ ሓያላት ይኾኑ። ብእኡ መጠን ከኣ ኣብ ውልቃዊ ህይወቶምን ስርሖምን ዓቢ ዓወት የመዝግቡ።

ንዓወት ሓደ ብሉጽ ባህሪ ኣለዎ። ንሱ ኸኣ ዓወት ካልእ ዓወት ይወልድ ዝብል እዩ። ክሳራ እውን ተመሳሳሊ ባህሪ እዩ ዘለዎ። እወ ክሳራ ካልእ ዝበኣሰ ክሳራ እዩ ዝወልድ።

ብድሆ ንኽእለት ዕዉታት ሰባት ዘበልሕ እዩ። ሽቶኻ ንኽትጭብጥ፡ ናብ እቲ ከም ኑዳዲ ከሕንጽካ ዝኽእል ብድሆ ዝርከቦ ቦታ ከተምርሕ ጸቡቕ እዩ።

ህይወት እናሓንሳእ ጨካን ክትከውን ትኽእል እያ። እናሓንሳእ ካብ ቀጸጸርካ ወጻኢ ዝኾኑ ደገላ ክሳራ ኪጋጥመካ ይኽእል እዩ። ገለ ሰባት ንእሹቶ ይኹን ዓቢ ክሳራ እንተ ኣጋጢምዎም፡ ብእኡ ኣብሎም እዮም ንሓዋሩ ዝጥፍሹ።

ብመንጽሩ፡ እቶም ዕዉታት ሰባት ንኽሳራ ከም ዓቢ ተመክሮ ወሲዶም፡ ከም መንጠሪ ባይታ ናብ ዝለዓለ ባይታ እዮም ዝጥቀምሉ። ሓንሳእ ኣጋጢሙም ክሳራ ምስ ኣጋጠሞም፡ ካልኣይ ተመሳሳሊ ግዜ ከይደግሙ ልዑል ጥንቃቐ ይገብሩ።

ንጉዳእ ርእሰኻ ናብ ዳግመ ሕወየት (rehabilitate) እተእትወሉ ዝተፈላለዩ መንገድታት እዮም ዘለዉ። ቀድም ቀዳድም ግዱ ኣጋጢሙኻ ብድሆታት ናይ ምብዳህ ብቕዓት ኣብ ጥርጡ ከተብጽሖ ይግባእ። እቲ ምንታይሲ፡ ብዘኾነ ዘጋጥመካ ብድሆ ትርኽመሽ እንተ ደአ ኼንካ፡ ንድሕሪት ገጽካ ናይ ምኽርውራው ዕጫኻ ዝሰፍሐ እዩ ዝኸውን።

ጸፋፍ ስራሕ ከዘብርኽት ሕልሚ እንተ’ልዩካ፡ ንእወታዊ ኣተሓሳስባኻ ከተማዕብል ብዕቱብ ክትሰርሓሉ ይግባእ። እወታዊ ኣመለኻኽታ እንተ ኣማዕቢልካ፡ ንብድሆ ከም ቀንዲ መበረብሪ ኣብ ውልቃዊ ህይወትካን ስራሕካን ክትጥምቶ ኢኻ እትጀምር።

ድኹማት ሰባት ንብድሆ ከም ቀንዲ ምኽኒት ናይ ፍሽለቶም እዮም ዝጸርዎ። ብድሆ ንዕኦም ጥራይ ዘጋጥሞም ኩይኑ ስለ ዝስምዖም፡ ለይትን ቀትርን ኣማሪሮም ኣይጸግቡዎን እዮም። ካብ ምምራር ዝርከብ እወታዊ ለውጢ ግዱ ክሳብ ሕጂ ኣይሰማዕናን።

ንጉዳእ ርእሰኻ በዚ ‘ብድሆ’ ዝበሃል ሓሳብ ዳግማይ ክትምህራ ይግባእ። ነፍሲ ወከፍ ብድሆ፡ ንናይ ምዕዋት ዕድልካ ዝያዳ ከም ዝሰፍሓ ኣይትዘንግዕ።

ኣብ ህይወት ይኹን ኣብ ስራሕ ንጉዳእ ርእሰኻ ምዕሻው ኣድላዪ ኣይኮነን። ኣብ ህይወትካን ኣብ ስራሕካን ክትዕወት፡ ኣጉዳሰን ግዴታን እዩ። ነፍሲ ወከፍ ደቒቕ ናይ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ፡ ኣእምሮኻ ንዓወትካ፡ ክሳራኻን ምስ ካልኦት ዘለካ ምትእስሳርን ጸቡቕ ገይሩ እዩ ዝቈጻጸሮ። ብመጠን ምሉእ ብቕዓትካ ድማ እዩ ዝመዝኖ።

ኣብ ህይወት ዝያዳ ብዝተዓወትካዮ መጠን፡ ዓወትካ ዝያዳ ይልዕል። ብእኡ መጠን ከኣ፡ ኑቶም ዘገጥሙኻ ብድሆታት ትፈትሖም።

ዕዉታት ሰባት ጸገማት ኣብ ምፍታሕ እውን ሰናፋት ኣይኮኑን። ንሳቶም ካብ ጸገም ክሃድሙ ኣይሓስቡዎን እዮም። ብመንጽሩ እኳ ደኣ፡ ባዕላቶም እዮም ንጸገም ክረኽብዎ ሰጉምቲ ዝወስዱ። እቲ ምንታይሲ፡ ነፍሲ ወከፍ ጸገም ብገለ ሸነኹ ኣድማዒ መልክዕ ከም ዘለዎ ይግንዘቡ እዮም።

ገለ ትካላት ባዕላተን እየን ጸገም ዝፈጥራ። ኑቲ ጸገም ባዕላተን ብምፍታሕ ከኣ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክሓኽራ ይረኢያ።

ጸገማት ንዕዉታት ልክዕ ከም መኣዲ ንዝጠመየ ሰብ እዩ። ንዕዉታት ሰባት ጸገማት እንተ ፈጢርካሎም፡ ኣየማርሩን እዮም። ኑቲ ጸገም ብምፍታሕ ዝበለጸ ሽልማት ከም ዝዋናኑ ይፈልጡ እዮም። ብእኡ ኣቢሎም ከኣ ብበዙሓት ሰባት ከም ጀጋኑ ክቕጸሩ ይጅምሩ።

እቲ ጸገም ብዘዓበየ መጠን በቲ ንዕኡ ዝማበር ፍታሕ ዝበዝሑ ሰባት ተረባሕቲ ይኾኑ። ብእኡ መጠን ከኣ ዓወትካ ሓያል ይኸውን።

ኣብ ዝርዝር ዕዉታት ሰባት ክትኣቱ ድሌት ወይ ባህጊ እንተ’ልዩካ እምበኣር፡ ንሸኻ ክትፈትሖ እትኽእል ጸገም ክትረኽብ ክትክእል ኣሎካ። ክትፈትሖ ዘይትኽእል ጸገም እንተ ፈጢርካ ግዱ ቅድም ቀዳድም ግዳይ ናይ ተግባርካ እትኸውን ንስኻ ኢኻ።

ኣብ ዕለታዊ ህይወትካ ብዙሓት ሰባት ዝተፈላለዩ ጸገማት ስለ ዘጋጠሞምዎም ከማርሩ ኣጋጢሞምኻ ይኾኑ እዮም። ገለ ካብኣቶም ኑቲ ጸገሞም ባዕላቶም ዝፈጠርዎ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ባዕላቶም ኑቲ ጸገሞም ከም ዝፈጠርዎ ዘይክርድኡ ይኽእል እዩ። ንጠንቂ ጸገምካ ክትፈልጥ እንተ ዘይክኢልካ ድማ፡ ንመፍትሒኡ እትፈልጠሉ ዕድል ምሒር ዝጸበበ እዩ ዝኸውን።

ንሸኻ ካብ ብዙሓት ሰባት እትፍለየሉ መንገዲ ክትረኽብ እንተ ደሊኻ፡ ንጸገማት ዝበኣሰ እተተሓላለኸ ሰብ ክትከውን የብልካን። ንጸገማት ሰባት ብጽፈትን ብስሉጥን እተፈትሕ ሰብ ምስ እትኸውን ኢኻ፡ ኣብ ታሪኽ ዓለም ከይተረፈ ብጽቡቕ እናተዘከርካ ክትቅጽል እትኽእል።



> “ዕዉት ሰብ ክትከውን እንተ ደሊኻ ንኣቶም ብኣንጻር ኣንፈትካ ዝመጽኡ ብድሆታት ንኹሎም ክትቅበሎም ይግባእ። ንኣቶም እትደልዮም ብድሆታት ጥራይ መሪጽካ ክትቅበሎም ኣይትኽእልን ኢኻ።” - ማይክ ጋፍካ
>
> “ዕዉት ንኽትከውን፡ ልብኻ ኣብ ዋኒንካ፡ ዋኒንካ ኣብ ልብኻ ክኸውን ይግባእ።” - ቶማስ ዋትሰን

**ይቕጽል**

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ኣሰር'ቲ ልምዓት

*07 ግንቦት 2025*
ገልዓሎ

"ኵሉኻ ንብረትካ ጠርኒፍካ ሕደር!" ወተሃደራዊ ትእዛዝ'ዩ። እቲ ትእዛዝ መገሻ ምኳኑ ርዱእ'ዩ። ናበይ ኢና፡ እንታይ ንምግባር ኢና ንኸይድ ዘለና ግና ንፈልጦ የብልናን። ኣብ ሕድሕድና ነናትና ትንተና ዘዝመሰለና ንህብ እምበር ናበይ ምኳንና ዝምልከቶ ኣካል ጥራይ'ዩ ዝፈልጦ። ዝተባሃልናዮ ኵሉ ዘድልየና ጠርኒፍና ሓደርና።



ኣብ ጉዕዞ፡ ኣንፈት ጉዕዞኻ ናበይ ምኳኑ ግምታት እትህበሉ ብእትሓልፎ ከተማታት'ዩ። ክይድ ውዒልና ጋሕቴላይ ክንሓድር ኣዕረፍና። እንደገና ለይቲ መሬት ከይበረሀ ተበጊስና መገዲ ዓሰብ ተተሓሕዝናዮ። ካብ ባጽዕ ንዓሰብ ዝወስድ መገድን ዓድታትን ብወረን ብመስኮት ተለቪዥን እንተ ዘይኮይኑ፡ ብኣካል ርእየዮ ኣይፈልጥን'የ። እዚ መሬት ደንካልያ፡ ንገማግም ባሕሪ ዝተቖነተ ጽርግያ፡ ሰገን ክንዲ እኽልቲ ገመል ከም ትመስል፡ ኢራብ ብፍጥነት ኣጓይያኣ ዝተምሰጥኩሉ በኸሪ ዓይነይ እዩ። ገማግም ባሕሪ ከኣ ጸጸኒሑ፡ "እምባሕ" ይብለኒ'ሞ፡ ፍሉይ ባህታ ይፈጥረለይ ነይሩ።

ፎሮ ሓሊፍና ገልዓሎ ኣተና። ንሳ ከኣ እታ ናይ መወዳእታ ቦታና ኮነት። ገልዓሎ ናብቲ መዓስከርና ዝተመደበ ቦታ በጺሕና፣ ብውቁብ ህንጻታት ተሃኒጹ ንዓይኒ ድንቂ መስሕብ በጺሒ ዝኾነ ህንጻ። ኣብ ነፍሲወከፍ ቀጽሪ ኣብ ማእከሉ ንጽንዓትን ተጋድሎን ህርኩትነት ዋርሳይ ዘርኢ ምስሊ ቅርጻ ተዓዚበ። ንድሕሪት፡ ተመሃራይ እንከለኹ፡ እዚ ህንጻ'ዚ ክሰራሕ ከሎ ኣብ ተለቪዥን ኤርትራ ዝመሓላለፍ ዝነበረ ንዝኽሪ ነቓነቐኒ።

'ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ/ ሆ ይብሃል ኣሎ፡' ዝብል ጣዕመ ዜማን ብፍሉይ እዚ ህንጻ ክሰራሕ ከሎ ካብ ክፍለ ሰራዊት ወጺኡ ንሰራዊትን ህዝብን ሞራል ዘሰነቐ ናይ ኣኽሊሉ ተወልደ ደርፊ፣

'ዘረገጽካዮ ለምለም

ተዛረብካዮ ቀለም

ይግበረልካ ንዘልኣለም...

ተዓወት፡ ተዓወት ጉይታ ጽንዓት

ተዓወት ተዓወት ጉይታ ልምዓት...'

ምስ ክራሩ ኣብ ጸግዒ ዋርሳይ ተሰኪሙ እንከሎ ዘርኢ ሓወልቲ እናደረፈ ሕጂ ኰይኑ ተራእዩኒ። ዓሰርተው ትሽዓተ ዓመት ንድሕሪት ተመሊሰ ናብ ዘይፍልጦ ስምዒት ኣተኹ።

ካብ ዝኽረይ ምልስ ኢለ፡ እዚ ውቁብ ህንጻ ብኸመይ ተሰሪሑ፧ ብቐልጽም ዋርሳይ ክትብሎ መስደመም እዩ። ኣብ ብርኽ ዝበለ ቦታ'ዩ ተደኲኑ። ወሰናንስኑ ብኸበብቲ ኣእማን ተኸቢቡ። እዚ እምኒ'ዚ፡ ዋላ ኣብ ንግሆ እዩ ረሲኑ ዝጸንሓካ። ገጽ ዘይብሉ ፈጻግ ኣእማን'ዩ። ዋርሳይ ነዚ እምኒ'ዚ ብዘይ በኛ ኢድ እናሰፍሰፈ፡ ነዚ ህንጻ ምስርሑ እሞ ከኣ ክሊማ ናይቲ ቦታ ተጻዊሩ፡ ኣብቲ ከም ሓዊ ጸሓይ ተኣጒዱ ዝውዕሎ ባይታ እናደቀሰ። ኣብ ዝብጻሕ ከብጽሖ ንኣይ ጥራይ ዘይኮነ ንዝኾነ ሰብ ትእንግርቲ'ዩ። ምድ'ናቕ እምበር ምንያት እንደሞ ዘይባህልና ኰይኑ። ካብኡ ዝበልጽ ክንሰርሕ ከይደቀስና ሰለ እንሓድር፡ ነቲ ጽንዓትን ሓቦን ዋርሳይ መሰናኽላትን መስተንክራትን፡ እቲ ዝሓለፉዎ ኣርኣያ እናኾነ ሰለ ዝቖጽል፡ እንሆ ኣባና ኣርኪቡ ተረኪብቲ ኴንና።

እቲ ዝገረመኒ ዋርሳይ ወሪሱ፡ ንኣና ኣውሪሱ፡ ደቂ ዋርሳይ እውን ኣርኪቦም፡ ምሳና ምህላዎም ዘደንቕ ኤርትራዊ ትብዓት'ዩ። ይከኣሎ ንዋርሳይ፡ ዋርሳይ ከኣ ንደቁ። ሕፍስ ዝበለ ስም እንተ ዘጠምቐ ክንደይ ምጠዓመ። ነዚ ውቁብ ህንጻታት፡ ክፍለ ሰራዊት 35 ከም ዝሰርሓቶ ብኣድናቖት ኣብ ዝሓተትኩሉ ግዜ ፈሊጠ፡ ፡ ክ/ሰ 35 ወትሩ ብዝኸድኩሞን ብዘለኹሞን ተዘከርቲ ኴንኩም ኣገናዕ። ሓይልታት ምክልኻል ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዘደንቕ ስራሕ፡ ሰሪሖምን ይሰርሑ ኣለዉን። ክብሪ ንኣኹም ይኹን። ምስሊ መጻኢት ኤርትራ ጾር ሕድርኹም ተሰኪምና ንምርሽ ኣለና። ኣሰርኩም ኣሲርና ንሕና'ውን ህዝብና መገዲ ከይሸገር ቢንቶታት ክንሃንጽ ጀሚርና ኣለና'ሞ ኵርዓት ይሰማዓኩም።

ሓያል ምቑት ዘበገሶ ብርዒ፡ ዝዓሞኻ ኣእዳወይ ርሂጸን፡ ካብ መታልሒይ ከኣ ረሃጽ ኵረር ኢሉ ዳየረይ ከየበላሸወለይ ዕጽፍ ኣቢለ፡ ኣስተንፈስኩ።

***

*10 ግንቦት 2025*

ካብቲ ህንጻ ንሸነኽ ምብራቕ፡ ናይ ቀረባ ርሕቀት፡ ባሕሪ ኣሳፊሑ ምስታ ትብርቕ ጸሓይ እናተጋጨወ ነጸብራቕ ኣዒንትና ይደጉሓና ነበረ። ምስቲ ገማግም እናተላገዐ "ንዑ ናባይ" ዝብለና እናምሰለና፡ ንሕና'ውን፡ "ወሸለ ረኺብናካ፡ " ኢልና፡ ነቲ በጻሕቲ ብጾላራት ዝረኽቡዎ ዕድል ንሕና ወነንቲ ባሕሪ ኴንና ከመይ ዘይንሕምብሰሉ። ከመይ ዘይንሰኣለሉ። ካብ ሓለፍትና ትእዛዝ ወይ መምርሒ ከይተጸበና፡ ተርባጽ ሃዊጹና፡ ምሕንባስ ወንና ከነውጽኣሉ በብጉጅለን ብውልቅን ኣብ ደስ ዝበለና ሰዓታት ሕንብስ ንውዕል'ሞ ደስ እናበለና ንፍለዮ። ንጽባሒታ ንደግሞ። ዓሳታት'ውን ምሳና ይሕጉሱ ነይሮም። ሓጉሶም ክገልጹ ከም ርሽት ንላዕሊ ይወጽኡ'ሞ፡ ይንቁቱ ከኣ። ገለኦም ንሰያፍ ወጺኦም ክጠልቁ ናይ ቋሕ ሰም ግዜ'ዩ። ኣብ ቅድሚኦም ክትህሉ የብልካን፣ ሓይሊ ሰለ ዘሎዎም ብፍላይ ንዓይንኻ ኣስጋቲ እዮም። ኣብ ካልእ ኣካላትካ ግን ከም ምፍሕንጫር ምልክት ይገብሩልካ። ወዮ ደኣ ህርፋን ኰይኑና እምበር፡ እቲ መምጽኢና ብቐንዱ ንሕና ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ሌላ ምስ ባሕርን ነፍሲወከፍ ሓምቢሱ ዘይክእል ከኣ ንኽንላመድን እዩ።

ድሕሪ ዝተወሰነ መዓልታት፡ ብኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ዝተዋህበና መብርሂ ሰሚዕና፡ ነፍሲወከፍ ጋንታ ካብ ምሩጻት ሓይሊ ባሕሪ ከም ኣለይቲ መምህራን ኰይኖም ታዕሊም ጀሚርና። እቲ ኣጀማምራ ክቢ ኴንካ ሽዱሽተ ዓይነት ኣተሓናብሳ በቲ መምህር እናተመራሕካ ኩሊልካ ናብ ቦታኻ ትምለስ። እቲ ዝገረመኒ፡ ኣብ ሳዕስዒትናን መኣድናን ጥራይ ዝመስለኒ ዝነበረ ቅርጺ ክቢ፡ ኣብ ባሕሪ'ውን ንሓድነትና ክገልጽ ተደኒቐ። እቲ መምህርን ተዓላማይን ዝገብሩዎ ምትህድዳን፡ ከም ኣንጭዋን ድሙን ሰለ ዝኾነ፡ እቶም ኣብ ግቡእ ቦታና ዘለና ብስሓቕን ፋዳን ረብሻ ክለዓል መቐረት ነይሩዎ።

እቲ ዝተዋሃበና ሰዓታት እኹል ትሩፍ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ዝኽእል ነቲ ዘይክእል ብወለንታኡ እናምሃሮ፡ ኣተሓናብሳ ከይክሎ ዝወጽእ ብጻይ የለን። ብኸምዚ ከይትረድኣና ምዝዛምና ቀሪቡ፡ ከምቲ ኣብ ኵሉ መዐቀኒ ብቕዓት ውድድር ዝካየድ ናይ ባሕሪ ብጋንታን ውልቅን ውድድራት ተኻይዱ። ነዚ ዝተኻየደ ውድድር ከምቲ ዝኾነ ሰብ ቅያር መግቢ ምስ ረኸበ ዘየናሕስየሉ ኣሃዱና'ውን ብልዑል ወኒ ነቲ ዝነበረ ሪከርድ ኣሃዱታት ሰይራቶ'ያ ታዕሊም ባሕሪ ተዛዚሙ።

ኣብ ዓወት ዘሎ ደስታን ፌስታን መግለጺ የብሉን በብሸነኽና ሞራል ሰኒቕና፣

"ይዋእኻ ትሓልም ዘለኻ፡

ዘይባሕርኻ ትምነ ዘለኻ

ሎሚ ጠፋእካ፡ ኣኺሉካ ንዕርበትካ፡"

ብኣሃዱና ዝተቐረበልና ግብጃ ተቛዲስና፡ ኣጋር ታዕሊም ንተጻዋርነትና ከም መደንፍዒ ነቲ ቦታን ክሊማን ከም መምለኺ መቐጸልታ ባሕሪ ኣኻፍይ ኣቢልና፡ ግዜ ከይወሰድና ኣሰር'ቶም ቀዳሞት ነዚ ህንጻ ዝሰርሑልና ንሕና ከኣ ኣሰርና ከነንብር፡ ቢንቶታት ክንሃንጽ ተበጊስና።

ኣብቲ ቀላጥ መጽለሊ ኣልቦ ቦታ፡ ሕልፍ ሕልፍ ዝበላ ንኣሽቱ ኣግራብ ኣንሶላና ዘርጊሕና ንመጽለሊ ደድሕር ጽላል እናኸለልና፡ ድኹም ሑጻ ባሕሪ፡ ንፋስ ባሕሪ ምስ ተላዕለ ኣዒንትና እናተደፍነ፡ ጸቕጢ ኣየር ናይ ኣዋርሒ፡ ጸሓይ ብንግሆኡ ቀትሪ ኰይኑ እናተስምዓና፡ ብረሃጽ ክዳንና እናጸሞቕና፡ ሰሪ ረሃጽ ዝሓዝናዮ ኣእማን ሸተት እናበለና፡ ናፍቖት ስድራ ከይተዘከረ፡ ኵሉና በብእጃምና ንሓደ ዕላማ፡ ብሓቦን ኒሕን ዕማምና ዛዚምና ኣሰር ልምዓት ቀዳሞት ኣሲርና፡ ድሕሪ ናይ ትሽዓተ ወርሒ ጻንሖትና ካብ ከባቢ ገልዓሎ ንቐሎ ኰይኑ ናብ ዝነብርናዮ ቦታ ተመለስና።

**ምሕረቱ ማሪቆስ**

ሳ/ሓ/ክ/ሰ 69 - ባረንቱ

## እንክዝክር

ሰሉስ - *11 ነሓሰ 2026*
ኣስመራ

ሽዑ፥

ልክዕ ሰዓት ሸድሽተን ፈረቓን ናይ ንግሆ ምስ ኰነ ካብ ድቃሰይ ተንሲአ፣ ደስ ከይበለኒ። ተመሊሰ ኮቦርታይ ተደሪበ ድቃሰይ ክቕጽል እናበልኩ፡ ከምኡ ምግባር ውጽኢቱ ጽቡቕ ከም ዘይከውን ዘኪረ፡ ንእለት ቅንዕ ኢለ። ካብ ዓራተይ ወሪደ ምስ ተንቀሳቐስኩ ኣእምሮይ ብኽፊል ተበራቢሩ። ኣብ ደገ ይዘንብ ምንባሩ ከኣ ኣስተብሂለ። ሓጋይ ምሉእ ተማሂረ ከይኣኽለንስ ሕጂ እውን ኣብዚ ፈለማ ናይ ሓምለ ዝጀመርኩዎ ክረምታዊ ትምህርቲ ጸሊአዮ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንግሆ ቦርሳይ ተኸልኪለ፡ ኢድ ማማ ጨቢጠ፡ ናብቲ ዝመሃረሉ ቦታ ክኸይድ ከለኹ ወርትግ፡ ይርእዩም ብዝነበርኩ ቈልዑ ምስ ቀናእኩ እየ። ሓመድ እናብዓጡ ክጻወቱ፡ ጉድጓድ ፍሒሮም ባሊና ክጻወቱ፡ ኣብ ባይታ ኣብ ዝሰኣሉዎ ሕንጻጻት ክናጠሩ እናኸርእዩም እየ ከምኦም ቈልዓ ኰይነ ክዓቢ ዝምነ። ግን ኣሸንኳይዶ ምስኦም ክጻወት፡ ተመሊሰ ነቲ ብቑሪ ዝኸርደደ ኣካላተይ ከምውቕ'ውን ኣይከኣለንን እዩ።

ማዕጠጥ እናበልኩ ክዳነይ ክለብስ እናበልኩ፡ ኣደይ ናብቲ ዝነበርኩዎ ክፍሊ ቀልቀል ኢላ፡ "ብርቱዕ ማይ ስለ ዘሎ፡ ሎሚ ትምህርቲ ኣይትኸድን ኢኺ፡" ኢላትኒ።



ብጉያ ናብ ዓራተይ ተመሊሰ፡ ኣብ ትሕቲ ኮቦርታይ ዓሪደ። ኣዒንተይ ቋሕ ኢሉ፡ ብመስኮት መደቀስየይ ነቲ ዝናብ ቀው ኢለ እጥምቶ። ኣብ ዚንጎ ዓሊቡ ናይ ዝፍጠር ዝነበረ ድምጺ እቲ ዝናብ፡ ምስቲ ኣብ ቤትሮ መስኮተይ ዓዓሊቡ ኵረር ኮረር ዝብል ዝነበረ ኣወሃሂደ ብተምሳጥ አስተማቕሮ። ካብቲ ኣብ ራድዮ ኰነ ተለቭዥን ዝሰምዖ ሙዚቃታት ዝበለጸ ህርመት ዘሎዎ ልኡም ድምጺ፡ ጀለምታ ናይቲ ዝናብ። ዓይነይ ዕምት ኣቢለ መሊሰ ኣብቲ ህርመት እስጥም። ሕልሚ ዝመስል ጥዑም ሓሳባት ኣብ ኣእምሮይ የንሳፍፍ'ሞ ደስ እናበለኒ አስተማቕሮ።

ማማ ቍርሲ ሰሪሓ ምስ ጸውዓትኒ፡ ጃኬተይ ደራሪበ ምስ ካልሰይ ገፊፍ እናበልኩ ከይደያ። ፓኒኖን ጸባን እናቋሰኹ፡ ነታ ቍሪ ዝመልአት ከብደይ ምስ ኣመቐኩዋ፡ ዝበላዕኩሉ ከልዕል ከይበልኩ ናብ ሳሎን እሓልፍ። ቲቪ ወሊዐ፡ ኣእጋረይ ኣብ ሳሎን ሰቒለ ብተምሳጥ እዕዘብ። ካርቱን ኔትዎርክን እየ ዝርኢ ዘለኹ።

ሕጂ፥

ምልስ ኢለ እናኽዝክር፡ ህይወት ኣዝያ ጽብቕቲ ነይራ።

**ዮሳን ተስፎም**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሻምፕዮን ክለባት ናብ መዛዘሚ በጺሑ

### ኣልታሕሪርን ቀይሕ ባሕሪን ሓሊፈን

ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ኤርትራ 2026፣ ትማሊ ጸወታታት ፍርቂ ፍጻመ ኣብ ስታድዮም ከረን ኣሰላሲሉ።

ንምድብ 'ሀ' መሪሓ ዝሓለፈት ኣልታሕረርን ካብ ምድብ 'ለ' ካልኣይቲ ኮይና ዝሰገረት ደንደንን ፈለማ ተጻዊተን።

ኣልታሕረር፡ ንቀዓማይ እብረ ከሲቡትሉ፡ ኣብ



ብሉጽ ተጻዋታይ ዝተጸውዐ - ኣቤል ረዘነ

መበል 34 ደቒቕ ካብ ካልድ ዓብደላ ብዝቐጸረታ ሸቶ፡ ንዕረፍቲ 1-ብ0 መሪሓ ወጺኣ።

ብተደጋጋሚ ሻምፕዮን ክለባት ዝኾነት ደንደን፡ ኣብ ካልኣይ እብረ እተመዓራርየ ሸቶ ንምርካብ፡ ብተደጋጋሚ ልዕት ኣልታሕረር ኳሕኲሓ። ክሰልጣ ግና ኣይከኣለን፣ ኣልታሕረር ብጽቡቕ ኣገዳሲን ዓወት፡ ንደንደን ኣድኪና፡ ናብ ፍጻመ ሓሊፋ። ኣባላ ዘርኢት የማነ ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተባሂሉ።

ካልኣይቲ ልዑል ቀላሕታ ዝተዋህቦ ጸወታ፡ ንኣዱሊስን ቀይሕ ባሕርን ዘራኸበ ነይሩ። ኣብቲ ሓርፋፍ ዝበረ ጸወታ፡ ንኣልታሕረር ሰዒባ ካብ ምድባ ዝሓለፈት ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ መበል 23 ደቒቕ ካብ ተኸላኻሊኣ ኣቤል ረዘነ መሪሕነት ክትሕዝ ዘኽኣለታ ሸቶ ኣቑጺራ፣ ንዕረፍቲ'ውን መሪሓ ወጺኣ።

እዛ ጋንታ፡ ኣብ መበል 51 ደቒቕ ካብ ቤንሀር ጠዓመ ሸቶ ወሲኻ፡ 2-ብ0 ክትመርሕ ጀሚራ። ንደንደን ሰዒራ ካብ ምድባ መሪሓ ናብዚ ደረጃ ዝበጽሐት ኣዱሊስ፡ ኣብ መበል 76 ደቒቕ ሰሊጡዋ፡ ብመገዲ ሄርሞን ሚካኤል ልዳት ቀይሕ ባሕሪ ደፊራ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ዝተረፈ ግዜ እተመዓራርየ ሸቶ ክትረኽብ ኣይከኣለትን። ቀይሕ ባሕሪ 2-ብ1 ተዓዊታ፣ ምስታ ኻል ምድባ ዝበረት ኣልታሕረር እትጻወተሉ ዕለት ቆጺራ ሒዛ።

ናይ የማን ክንፊ ተኸላኻሊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቤል ረዘነ፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

በዚ ወጽኢት፡ ጸባሕ ሓሙስ ደንደንን ኣዱሊስን ናይ ደረጃ፣ ዓርቢ ከኣ፡ ኣልታሕረርን ቀይሕ ባሕርን ናይ ፍጻመ ጸወታ ከካይዳ እየን። ክልተኡ ጸወታ፡ ሰዓት 2፡00 ድ.ቀ ኣብ ስታድዩም ከረን ክሰላሰል እዩ።

## ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ተዛዚሙ

16 ንኡሳን ዞባታት ዞባ ማእከል ዝተሳተፈኦ ክረምታዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ግራስ ሩት፡ ዝሓለፈ ቀዳም ተዛዚሙ።

እዚ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ሓዙ ዝተኻየደ ውድድር፡ ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ትሕቲ 17 ዓመት ደቂ ተባዕትዮ ማይ ተመናይ ንፓራዳዝ 1-ብ0 ብምስዓር፡ ናይ 2026 ዕውትቲ ኮይና። ንደረጃ ካብ ዝተጻወታ ጋንታታት ድማ፡ ኣኽርያ ንጸጸራት ብፍጹም ቅላዕ 6-ብ5 ሰዒራታ።

ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ገጀረት ንጸጸራት ብፍጹም ቅላዕ 4-ብ2 ብምስዓር፡ ናይ 2026 ዕውትቲ ኮይና ዛዚማ። ንደረጃ ካብ ዝተፋለማ ከኣ፡ ፓራዳዝ ንሰምበል 2-ብ0 ሰዒራ፡ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ዛዚማ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት፡ ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ትሕቲ 13 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ፡ ሰምበል ንኑዳይፍ 1-ብ0 ሰዒራታ።

ናይ ኩለን ፌደረሽናት ውድድር ምስ ተዛዘመ ድማ፡ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ብሓባር ናይ ሽልማት ስነ-ስርዓት ክካየድ መደብ ተታሒዙሎ ምህላዉ፡ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ውድድር ሓቢሩ።

## ፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ደቡብ ስልጠና ሂቡ

ፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ደቡብ፡ ካብ 12 ንኡሳን ዞባታት ንዝመጽኡ 20 ደያኑ ስልጠና ሂቡ።

እቲ ካብ 24 ክሳብ 30 ነሓሰ ኣብ ከተማ መንደፈራ ብዮንበርን ክልስ ሓሳብን ተሰንዩ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኣምራት ኩዕሶ መርበብ ከምኡ'ውን ዓለማዊ ሕጊ ዳኛነት ናይቲ ዓውዲ ዘተኮረ ነይሩ።

ኣብ መዛዘሚ፡ ነቲ ስልጠና ዝሃበ ኢንስትራክተር ዳኛነት ኩዕሶ መርበብ መም/ ቢንያም የማነ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ እቲ ዝተዋህበ ስልጠና ደያኑ ንዝጸንሖም ኣፍልጦ ዝሕድስ ብዓለም ለኻዊ ሕግታት ተማእዚኖ ንኽኸጉዓዙ ዝሕግዝ ከምዝነበረ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ብልዑል ተገዳስነትን ብቐዓትን ንዝተዋህቦም ትምህርቲ ከምዝዘዘምዎ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ደቡብ፡ ኣቶ የሲፍ ዘርኣይ ብወገኑ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ንዝጸንሐ ሕጽረታት ደያኑ ንምምላእ እቲ ዝተዋህበ ስልጠና ሓጋዚ ከምዝኾነ ብምጥቃስ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ኣብ ምውዳብ ናይቲ ዝተዋህበ ስልጠና ዝተጻወቶ ተራ መጕሱ።

ወከል ሰልጠንቲ ብወገኑ፡ ዝተዋህቦም ትምህርቲ ንዝጸንሖም ኣፍልጦ ብምምሕያሹ ኣብ ዘካይድዎ ናይ ዳኝነት ስራሓት ብዝበቕዓት ንኽመርሑ ከምዝኸእሎም ብምሕባር ኣብ ቀጻሊ ፌደረሽን ዞባ ክእለቶም ዘማዕብሉሉ ባይታ ክፈጥር ኣዘኻኺሩ።



## ከረን - ቅድድም ብሽክለታ ተዛዚሙ

ብምኽንያት ባሕቲ መስከረም ክካየድ ዝቖየ ቅድድም ብሽክለታ ከተማ ከረን፡ ሰንበት 30 ነሓሰ ተዛዚሙ።

በዚ መሰረት፡ 49.3 ኪሎሜተር ኣብ ዝተሰርዓለን ደቂ ኣንስትዮ፡ ተቐዳደምቲ ጋንታ ሻለቅ - ደሊና ዳዊትን ሰልቫና ተስፋሚካኤልን ተመራሪሐን ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ኣትየን።

50.7 ኪሎሜተር ኣብ ዝተሰርዓሎም ተቐዳደምቲ ማውንቴን ምድብ 'ሐ' ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣባል ገዛ ጥንዳ - ፍናን ዘርኣይ፡ ንመወዳድርቱ ዘርያ ደራቡ ብዘይተቓጸጸ ቀዳማይ ኣትዩ።

ተቐዳደምቲ ምድብ 'ለ'፡ ኣብ ዘካየድዎ ናይ መዛዘሚ ቅጽበታዊ ውድድር፡ ኑቲ ናይ 75.4 ኪሎሜተር ውድድር፡ ተቐዳዳማይ ሻለቅ ኢያቤት ጉብረመስቀል እዩ ንኢብራሂም ሓሰን - ጋንታ ሳልምባ ከምኡ'ውን ሙሴ ትካቦ - ጋንታ ሻለቱ ሰዒሩ ተዓዊቱሉ።

ኣብ ምድብ 'ሀ'፡ ተቐዳደምቲ ሬድ ሲ - ተማስገን ተወለን ሩኒ ማሴን ቀዳማይን ካልኣይን፡ ኣባል መዓዝዚያ ዳኒኤል ማንታይ ድማ፡ ሳልሳይ ደረጃ ሒዞም ዛዚሞም። እዞም ዲቪዥን 81.2 ኪሎሜተር ተሰሪዖሎም።

ብዘይካ'ዚ፡ 100.5 ኪሎሜተር ኣብ ዝተሰርዓሎም ተቐዳደምቲ ዳ ኮርሶ ብመዛዘሚ ቅጽበታዊ ውድድር፡ ተቐዳዳማይ መጉዓዝያ ኣቤል ሚካኤል እዩ ንኤሽን ታደሰ ካብ መጉዓዝያ፡ የናታን እድሪስ ካብ ሬድ ሲ ኣኸቲሉ ቀዳማይ ኣትዩ።

ኣብዚ ናይ ሰለስተ ሰናብቲ ውድድር ድማ፡ ብወሀሉል ሰዓት ዝተዓወቱ ከምኡ'ውን ኣብዚ ዝተሰርዐ ውድድር ካብ ኩለን ምድባት ብዝበቕዓት ዝፈጸሙን ተቐዳደምቲ ተጸዊዖም።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ደሊና ዳዊት ካብ ጋንታ ሻለቱ፣ ምድብ 'ሐ' ደቂ ተባዕትዮ ፍናን ዘርኣይ - ገዛ ጥንዱ፡ ምድብ 'ለ' ኢያቤት ጉብረመስቀል - ሻለቱ፡ ምድብ 'ሀ' ተማስገን ተወለ - ሬድ ሲ፡ ኣብ ዳ ኮርሶ ድማ፡ መትከል ደቦሳይ ብምኻን ተዓዊቶም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ዝቕጽል ወርሒ መስከረም ካብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ዝተዋጽኣ ጋንታታት ዘሳትፍ ውድድር ዋንጫ ዓንሰባ "ANSEBA CUP" ክካየድ መደብ ተታሒዙ ምህላዉ፡ ህዝባዊ ርክባት ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ዓንሰባ ሓቢሩ።



## ውድድራት 'እዚ ሓይሊ ኣየር' - ሕድሪ ብደቂ ኣንስትዮ ዊና ብደቂ ተባዕትዮ ተዓዊተን

ውሽጣዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ብቀዓምን ሰኑይን ብጸወታታት ኩዕሶ እግርን መርበብን ኣብ መዓስከር ሓይሊ ኣየር ቀጺሉ።

ብቀዓም ኣብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ዊናን ጸሓይ በርቓን 0-ብ0 ክፈላለያ እንከለዋ፡ ሕድሪ ከኣ፡ ብመገዲ ሳብሪን ፋንኤል ብዘመዝገበታ እንኮ ሸቶ፡ ንሓለቡት 1-ብ0 ሰዒራታ።

ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ጀግኖት ኣብ መበል 13ን 88ን ደቓይቕ ካብ ሳልሕ ኣሕመድን ዓብደልቃኒ መሓመድን ብዘረኸቦተን ሸቶታት፡ ቀዲማ ኣብ ሻመኣይቲ ደቒቕ ካብ ናህም ተኽለይ ሸቶ ዝቖጸረት ሕድሪ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 2-ብ1 ሰዒራታ። ናህም ተኽለይ፡ ብ11 ሸቶታት ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ኮይኑ ይመርሕ ኣሎ።

ጸወታ ዊናን ጸሓይ በርቓን ድማ፡ ብጠፊሒ ዓወት ዊና 4-ብ0 ተዛዚሙ። ኢብራሂም መሓመድ፡ የናስ ተስፋልደት፡ ዓንዴት እስቲፋኖስን ፋንኤል ተስፋጼንን ሸቶታት ዊና ኣመዝጊቦመን።

ኣብቲ ዕለት ኣብ ዝበረ ጸወታ ኩዕሶ መርበብ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ መሰረት ንጀግኖት ርኬት ንዊና ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-ብ0 ሰዒረንኣን።

ብዘይካ'ዚ፡ ብቐደሚ ትማሊ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሓለቡትን መሰረትን ገጢመን። ኣብ ሻውዐይቲ ደቒቕ ካብ ጀዋሂር እድሪስ መሪሕነት ዘትሓዘታ ሸቶ ዝረኸበት ሓለቡት፡ ድሕሪ ክልተ ካብ ቅሳት መሓሩ ሓንቲ ከኣ፡ ተጻዋቲት መሰረት ናብ ልዳታ ብዘመዝገበታ ሸቶ፡ ብጠፊሒ 4-ብ0 ተዓዊታ።

ብወገን ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ሓለቡትን መሰረትን፡ ኣብዚ ግጥም'ውን ኣብ ሻውዐይቲ ደቒቕ ካብ ዳኒኤል ኣድሓኖም ሸቶ ዘቑጸረት ሓለቡት፡ ብተኸታታሊ ኣብ መበል 27፡ 55ን 57ን ደቓይቕ ሰለስተ ሸቶታት ካብ ዓብዱ ያሲን ረኺባ፡ ብጠፊሒ 4-ብ0 መሪሓ። መሰረት ኣብ መበል 70ን 87ን ደቓይቕ ካብ ሄኖክ ንጉሰን ኣማን ከስተን ኣመዝጊቡ ወጽኢት ኣጸቢባቶ'ኳ እንተነበረት፡ ግዜ ስለዝርከበ ግና፡ ሓለቡት 4-ብ2 ተዓዊታ።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ርኬት ንዊና 2-ብ0 ፈንቅል ንሕድሪ 2-ብ1፣ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ርኬት ንዊና 2-ብ0 ፈንቅል ንሕድሪ 2-ብ1 ሰዒረንኣን።

እዚ ውድድር፡ ዓርቢ ናይ ቀዳማይ ዙርያ ውድድራቱ ክዛዝም ምዃኑ ተሓቢሩ።

## ግሪሊሽ፡ ናብ ኤቨርተን ተመሊሱ

እንግሊዛዊ ተጻዋታይ ማን ሲቲ - ጃክ ግረሊሽ፡ ደጊሙ ብልቓሕ ናብ ኤቨርተን ተመሊሱ።

ትማሊ ሰሉስ ሕክምናዊ መርመራ ዘሰላሰለ ግረሊሽ፡ ኣብዚ ወቕቲ 2026-27 እዩ፡ ኣብታ ብዳቪድ ሞየስ እትዕለም ክለብ ክሕልፎ።

እዚ 10 መስከረም 31 ዓመት ዝደፍን ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ኣብታ ጋንታ ኣብ 20 ግጥማት ተሰሊፉ፡ ደሓን ዝኾነ ኣበርክቶ ገይሩ። ቅድሚ'ቲ ኣብ ወርሒ ጥሪ ነዊሕ ግዜ ዝኣለየ መጉዳእቲ ዘጋጠሞ፡ ክልተ ሸቶታትን ሽዱሽተ ናይ ሸቶ ዕድላትን ሃንዲሱ።

ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ክልተ ቀዳሞት ናይ ፕሪመር ሊግ ግጥማት ሓንሳብ ማዕረ ሓንሳብ ዓወት ኣመዝጊባ ኣርባዕተ ነጥቢ ኣኪባ ዘላ ኤቨርተን፡ ንተጻዋታይ ሊያን - ማትላንድ ናይልስ'ውን ኣፈሪማቶ ኣላ። ፍርያት ኣካዳሚ ኣርሰናል ዝኾነ እዚ እንግሊዛዊ፡ ካብ 2014-23 ዝጠዝሐ ግዜኡ ብልቓሕ እኳ እንተኣሕለፎ፡ 72 ግጥማት ግና፡ ነዛ ናይ ዓሚ ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ ዝኾነት ክለብ ወኪሉዋ እዩ።

## ቪላ፡ ንምባየ ኣፈሪማቶ

ኣብዚ ክረምቲ ብዙሓት ወሰንቲ ተጻወትታ ዘፋነወት ኣስቶን ቪላ፡ ንተጻዋታይ ፒኤስጂ - ኢብራሂም ምባየ ብ55 ሚልዮን ዩሮ (47 ሚልዮን ፓውንድ) ኣፈሪማቶ።

ኣብ ኣካዳሚ ፒኤስጂ ዝዓበየ ምባየ፡ ብናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል እዩ ካብ ፈረንሳ ናብ እንግሊዝ ግዒዙ ዘሎ።

ንወሲ ኣጥቃዓይ ናብ ስዑዳዊት ክለብ ኣል ሂላል ዘፋነወት ቪላ፡ ነም መተካእታኡን ናይ ነዊሕ ዓመታት መሪሕ ተጻዋታይን ክኸውን እዩ፡ ዝ "ፈጣንን ዘይፈርሕን" ክትብል ዝገለጸቶ ወዲ 18 ዓመት ሴኔጋላዊ ኣፈሪማቶ ዘሎ።

ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ኣብ ኩለን ኣርባዕተ ግጥማት ሃገሩ ዝተሰለፈ ምባየ፡ ብፈረንሳ 3-ብ1 ኣብ ዝተሳዕረሉ ዙር 32 ጸወታ ንእንኮ ሸቶ ሃገሩ ምምዝጋቡ ይዝከር። ኣብ ታሪኽ ዋንጫ ዓለም "ዝንኣሰ ኣፍሪቃዊ ኣመዝጋቢ ሸቶ" ክኸውን ድማ ክኢሉ።



ምባየ፡ ምስ ዓላሚ ኣስቶን ቪላ - ኡናይ ኢምሪ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኢራን፡ ምስ ኣመሪካ ንዝበጽሓቶ ስምምዕ ከተተግብር ድሉውቲ ምዃና ተረጋጊጹ

ኣመሪካ ኖቲ ዝሓለፈ ሰኑ ኣብ መንጎኣን ኢራንን ዝተበጽሐ ስምምዕ ከተተግብሮ እንተ ወሲና፡ ኢራን'ውን ብኡ ንቡኡ ተመሳሳሊ ስጉምቲ ከም እትወስድ፡ ፕረዚደንት ናይታ ሃገር መስዑድ ፐዝሽኪያን ትማሊ ሰሉስ ኣፍሊጡ።

ኣመሪካን ኢራንን ኖቲ ብ128 ለካቲት ኣብ መንጎኣን ዝተወልዐ ግጭት ደው ንምባል፡ ዝሓለፈ ሰኑ ግዜያዊ ስምምዕ እኳ እንተ ከተማ፡ ኣብ ምትግባሩ ግን ከም ዘይተረዳደኣ እዩ ዝዝከር።

ፕረዚደንት ፐዝሽኪያን ኣስዒቡ፡ ዋሽንግቶን ኖቲ ዝተኸተመ ስምምዕ ከተተግብሮ እንተ ተሰማሚዓ ሃገሩ እውን ኖቲ ን20 ሚእታዊት ካብ ኑዩኪ ዓለምና ዝሓለፈሉ መጻብቦ ሆርሙዝ ክትከፍቶ ምዃና ሓቢሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኩናት ኢራን ንዘኸፈት ሃገር ከም ዘኖርብሕ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኖቲ ግጭት ንምፍታሕ ሃገሩ ዝዘተ ድልውቲ ምህላዋ ኣፍሊጡ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ዋይት ሃውስ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ከኣ፡ ኣብዝ ሰሙን እዚኣ ሃገሩን ኢራንን ኑሊድሕደን መጥቃዕቲታተን'ኳ እንተ ተለዋወጣ፡ እዚ ግን ናብ ውግእ ከም ዝተመልሳ ዘመልክት ከም ዘይኮነ ኣዘኢሩ።




## ሩስያ፡ ንሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ኣመሪካ ጃፓንን ኣውስትራልያን ነቒፋ

ትማሊ ሰሉስ ፌደረሽን ሩሲያ፡ እቲ ክካየድ ተወጢኑ ዘሎ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ጃፓን፡ ኣውስትራልያን ኣመሪካን ንጸጥታኣ ስግኣት ምዃኑ ብምግላጽ ብትሪ ከም ዝኾነኖቶ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ እቲ ብ'ኦሬንት ሺልድ' ዝፍለጥ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ካብ 8 ክሳብ 24 መስከረም ኣብ ጃፓን ክካየድ እዩ።

እቲ ካብ ሰለስቲኦን ሃገራት ዝተዋጽኡ 3,700 ወተሃደራት ክሳትፉ ምዃኑ ዝንገረሉ ዘሎ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ብዓይነቱ ሓደ ካብ'ቶም ዝዓበዩ ወተሃደራዊ ልምምዳት ከም ዝኾነ ተሓቢሩ።

እቲ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ከም 'ኢሲኤም-6'ን 'ቶማሃውክ'ን ዝኣመሰሉ ናይ ማእከላይ ርሕቀት ክሩዝ ሚሳይላት ዘጠቓልል ምዃኑ ከኣ ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩሲያ ማሪያ ዛካሮቫ፡ ሃገራ፡ እቲ ዝመጽእ ሰሙን ዝጅምር ወተሃደራዊ ልምምድ ሰለስቲኦን ሃገራት፡ ኣብቲ ምስ ዶባታ ዝዋሰን ከበባታት ጃፓን ክካየድ ስግኣት ከም ዘለዋ ብምግላጽ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ናብቲ ኣብ ከተማ ሞስኮ ዝርከብ ኤምባሲ ጃፓን ወግዓዊ ጥርዓን ከም ዘቕረበት ኣዘኢራ።

ንሳ ወሲኻ፡ ሃገራ ኣብ ጥቓ ምብራቓዊ ዶባታ ዝካየድ ምውንጫፍ ሚሳይላት ንዝኾነ ዘኸትል ተኸታታሊ ወተሃደራዊ ንጥፈታት ፈጺማ ከም ዘይትቕበሎ ድሕሪ ምግላጽ፡ ግብረ-መልሲ ከም እትህበሉ ኣጠንቂቓ።

ዝሓለፈ ሰኑ ኣመሪካ፡ ኣብዚ ወርሒ ንዝካየድ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ከም ዘገልግል ዝገለጸቶ ዝሓየለ ናይ ማእከላይ ርሕቀት ስርዓተ ሚሳይል ናብ ጃፓን ከም ዘእተወት፡ ምንጪታት ይሕብሩ።



## መራሕቲ ሩስያን ቻይናን ተራኺቦም ይዘትዩ

ዝሓለፈ ሰኑይ፡ መራሕቲ ፌደረሽን ሩሲያን ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን፡ ኣብ ኪርጊዝስታን ተራኺቦም ኣብ ምምዕባል ክልተ-መዳያዊ ክልተኣዊ ዝምድና ከም ዝዘተዩ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲንን ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግን፡ ጉኒ-ጉኒ ዋዕላ መራሕቲ ሃገራት ውድብ ምትሕግጋዝ ሻንግሃይ ኣብ ዘካየድዎ ዝርርብ፡ ኣብ ምስፋሕ ቀጠባዊ ንግዳውን ጸጥታውን ዝምድና ክልተኣን ሃገራት ኣበርቲዖም ከም ዝሰርሑ ገሊጾም።

ክልቲኦም መራሕቲ ብዘውሰኽዎ፡ ኣብ ጉዳይ እቲ ሓምሻይ ዓመቱ ኣቚጺሩ ዘሎ ኩናት ዩክሬን ከም እተመያየጡ'ውን ተፈሊጡ ኣሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ፑቲንን ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲን፡ ጉኒ-ጉኒ እቲ ዞባዊ ዋዕላ ከም እተራኸቡ ተገሊጹ ኣሎ።

ኣባላት ውድብ ምትሕግጋዝ ሻንግሃይ፡ ኣብ'ቲ ኣብ ከተማ በሽኬክ ዘካየድኦ ዋዕላ፡ ዲፕሎማስያውን ቁጠባውን ዝምድናኦን ንምምዓል ዘኽእል ስምምዕ ከም ዝኸተማ'ውን ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብ 2001 ዝተመስረተ ውድብ ምትሕግጋዝ ሻንግሃይ፡ ቻይና፡ ሩሲያ፡ ህንዲን ኢራንን ንዘርከበኦን 10 ሃገራት ይሓቍፍ።




## ቱኒዝያን ጀርመንን፡ ዝምድናኣን ንምድንፋዕ ተሰማሚዐን


ዝሓለፈ ሰኑይ፡ ፕረዚደንት ቱኒዝያ ቓይስ ሰዒድ፡ ኖቲ ኣብ ሃገሩ ወግዓዊ ዑደት ዘካይድ ዘሎ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ጀርመን ዮሃን ዋደፉል ተቐቢሉ ከም ዘዘራረቦ ተሓቢሩ።

ክልቲኦም ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ኣብ ርክቦም፡ ኣብ ምዕማቕ ዝምድና ክልቲኦን ሃገራት ብሓፈሻ፡ ኣብ ምድልዳል ቁጠባዊ ምትሕብባር ናይተን ሃገራት ድማ ብፍላይ ኣተኲሮም ከም ዝተዛተዩ፡ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ቱኒዝያ ኣዚኢሩ።

ፕረዚደንት ቓይስ ሰዒድ፡ ሃገሩ ምስ ጀርመን ኣብ ሱፍልጠታዊ ምርምር፡ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ፡ ሞያዊ ስልጠና፡ ጸዓትን ቴክኖሎጂን ዘለዋ ምትሕብባር ንምሕያል ልዑል ድሌት ከም ዘለዋ ገሊጹ።

ጀርመን፡ ሓንቲ ካብ'ተን ቀንዲ ናይ ቁጠባ መሻርኽቲ ቱኒዝያ ምዃና እዩም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ኣብቲ ዘተ፡ ክልቲኦን ሃገራት ኣብ ምሕጋዝ ናኣሽቱን ማእከሎትን ትካላት ንግዲ፡ ጸዓት፡ ኣከባቢ፡ ዲጂታላዊ ምስግጋርን ዞባዊ ምዕባለን ካልእን ዘተኮሩ ናይ 116 ሚልዮን ዶላር ስምምዓትን ፋይናንሳዊ ውዕላትን ከም ዝኸተማ ኣፍሊጠን።




## ሊባኖስ፡ ምስ እስራኤል ዝኸተመቶ ስምምዕ ንምትግባር ሓገዝ ግሪኽ ሓቲታ

ፕረዚደንት ሊባኖስ ጆሴፍ ዓውን፡ ግሪኽ ኣብ ምትግባር እቲ ብመንጎኛነት ኣመሪካ ዝተበጽሐ፡ ኣብ መንጎ ሃገሩን እስራኤልን ዝቐጸል ዘሎ ግጭት ንምብቃዕ ዝዓለመ ስምምዕ ክትሕግዝ ጸዊዑ።

ፕረዚደንት ዓውን እዚ ምሕጽንታ'ዚ ዘቕረበ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ምስ ፕረዚደንት ግሪኽ ኮንስታንቲን ታሱላስ ኣብ ዘካየዶ ርክብ እዩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ግሪኽ ኪሪያኮስ ሚትሶታኪስ ምስ ፕረዚደንት ዓውን ሓቢሩ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ከኣ፡ ሃገሩ ንልኡላውነት፡ ናጽነትን ሓድነትን ሊባኖስ ከም እትድግፍ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኖቲ ግጭት ንምህዳእ ንዝካየድ ጻዕርታት ከም እትድግፍ ሓቢሩ።

ምሕጽንታ ሊባኖስ፡ ግሪኽን እስራኤልን ናይ ኣስታት 3.5 ቢልዮን ዶላር ወተሃደራዊ ስምምዕ ከም ዝኸተማ ድሕሪ ምሕባሩ ድሕሪ ሓደት ሰዓታት እዩ ዝቐረበ ዘሎ።

ዝሓለፈ ሰኑ ሊባኖስን እስራኤልን፡ ኖቲ ኣብ መንጎኣን ዘሎ ግጭት ደው ንምባል ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሓ ይዝከር።

ኣብቲ ስምምዑ፡ እስራኤልን ሊባኖስን፡ ሕዝቦላህ ዕጥቁ ክፈትሕ፡ ኣምሳያ ናይዚ ከኣ ሰራዊት ሊባኖስ ኣብቲ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሰራዊት እስራኤል ዝርከብ ደቡባዊ ክፋል ክዋፈር ተረዳዲኣን ነይረን።

ይኹን እምበር፡ ሕዝቦላህ፡ ሰራዊት እስራኤል ካብ ደቡባዊ ሊባኖስ ጠቕሊሉ ከይወጸ፡ ኖቲ ኣብ መንጎ ክልተኣን ሃገራት ዝተበጽሐ ስምምዕ ከም ዘይቅበሎ እዩ ኣፍሊጡ ዘሎ።

እስራኤል ካብ ዝሓለፈ መጋቢት ንደሓር ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ብእተካየዶ ዘላ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት፡ ካብ 60 ክሳብ 70 ዝበጽሓ ዓድታት ክድምሰሳ እንከለዋ፡ ልዕሊ 4,300 ሰባት ከኣ ህይወቶም ስኢኖም ከም ዘለው ጸብጻባት የመልክቱ።

ዝሓለፈ ኑሓሱ፡ ሊባኖስን እስራኤልን ብመንጎኛነት ኣመሪካ ሻብዓይ ዙርያ ዘተ ሰላም ኣብ ከተማ ሮማ ክካየዳ እንከለዋ፡ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ወርሒ ከኣ ተወሳኺ ዝርርብ ክካየዳ መደብ ተታሒዙ ኣሎ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሩታ | 02/09/2026 | ኣርባዕተ ኣስመራ ጎደና 131-7 ቁ. ገዛ 2 ጥቓ ቤተክርስቲያን በዓለዝጊሄር | 07158556 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services